ሓዲስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.126 ሓሙስ 25 ጥሪ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
"ብቑዕ ምህዞ፡ ውጽኢት ዓሚቝ መጽናዕትን ዘይሕለል ፈተነታትን እዩ"

ገጽ 4
ዝበለጸ መግቢ ኣእምሮ

ገጽ 5
እታ መርዓት!

ገጽ 7
ኣብ ስልጠና ዝጸንሓ ኤርትራውያን ኣትለታት . . .









# ኣብ ምም/ከባቢ ሓሸሻይ ዝተሃንጸት ዲጋ ተመረቓ



ብምውህሃድ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻን ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ - ምምሕዳር ከባቢ ሓሸሻይ ዝተሃንጸት - ልዕሊ 80 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ዘለዋ ዲጋ፡ ብ21 ጥሪ ተመረቓ።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሓሸሻይ ኣቶ መሓመድ ሙሳ፡ እታ ዲጋ ኣብ ምፍታሕ ዝጸንሖም ጸገም ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ልምዓት ጀራዲንን ኣጉዲሉ፡ ኣስተዋጽኦ ክትገብር ዘለዋ እምነት ድሕሪ ምጥቃስ፡ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል - ስለ'ቲ ወፋይ ኣበርክቶኦም ኣመስጊኖም።

ኣዛዚ ክፍለሰራዊት 57 ሌተና ኮሎኔል ሚካኤል ወልደኣብ ብወገኑ "ሓይልታት ምክልኻል - እቲ በብኩርናኡ ዝኸርሖ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት፡ ሰራዊት ልምዓት ምዃኑ ብግብሪ ዘመስክር ዘሎ ኣብነታት እዩ" ኢሉ። ኣብ ምስራሕ እታ ዲጋ ንዘተራእየ ወሀደት ኣካላት መማስገን ተሳቲፎ ካርትን ደማ ንኢዱ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ድማ፡ እተን በብኩርናኡ ዝሃነጸ ዘለዋ ዲጋታትን ራህያታትን - ደቡት ከይመልአ ማይቲዮታትን ብወፈራታት ክፍወስ ተላብዩ።

# ባይቶ ዞባ ጋሽ-ባርካ መበል 21 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ

ባይቶ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ መበል 21 ስሩዕ ኣኼባኡ፡ ብ22 ጥሪ ኣብ ባረንቱ ኣቃኒዑ።

ኣቦመንበር ባይቶ ኣቶ ዑስማን መሓመድ ዓሊ፡ ስሩዕ ኣኼባታት ባይቶ - ኣባላት ኣብ ትግባረ መደባት ዘለዎም



ትሕዝቡቲ ዘቖልሉን ንፈጻምቲ ኣካላት መንግስቲ ዝሕግዝ ሓሳባት ዘቕርቡሉን መድረኽ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣቐዲሞም ዝሓለፉ ውሳኔታትን ለበዋታትን ብምልኣት ከምዝይተተግበሩ ዝጠቐሰ ኣቶ ዑስማን፡ ውሳኔታት ምክትታል፣ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምድንፋዕ፣ መደባት ጥመር መኸተ ምሕያል - ኣብ 2024 ቀዳምነት ዝወሃቦም ስራሓት ምዃኖም ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣባላት ባይቶ - ትግባረ መደባት፡ ውሳኔታትን ለበዋታትን ብዕቱብ ክከታተሉን ዝረኣዩ ጉድለታት ንምእራም ሓበሬታ ብኡጋ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከመሓላልፉን ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ፡ ማስመራት ረሳሕ ፈሳሲ ከተማ ኣቑርደት ፍታሕ ክናደየሉ፣ ሕጽረታት ኮማዊ ሆስፒታል ጎልጅ ክማላእ፣ መኸተ ኣንበጣ ገረብ ብኡጋ ክሕሰበሉ፣ ሽግር ዝስተ ማይ ዓድታት ቁላሕታ ክግበረሉ፣ ምቕርሐ ትረክተራት መንግስቲ ካብ ሕጂ ክሕሰበሉ ዝበልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣቦ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተር ፍትሒ ፈውዚያ ሃሽም፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ 2024 ኪኖኡን ክትግበር ተወጢኑ ዘሎ፡ ኣብ ምምዕባል ስርዓት-ፍርዲ ብሓፈሻ ኣብ ማስርሒ ምቛም ትካላት ፍትሕን ኣጉዳስት ሽምግልናን ዕርቅን ድማ



# ሰገነይቲ - ክውገዱ ኣብ ዘለዎም ልምድታት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ንበርቲ 18 ምምሕዳራት ከባቢን ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን፡ ኣብ ማሕበራት ቁልዑን ምውጋድ ጎድኣቲ ልምድታትን ዝቐንዐ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣቦ'ቲ ትምህርቲ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሽሮን - ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዘስዕቦ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሃሰያን ጽልዋኡን ብዝምልከት ሞያዊ መግለጺ ቀሪቡ።

ኣባል በትጽሕፈት ጥዕና ኣቦ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ክፍለማርያም በየነ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ሰረጽ ዝጸንሐ ሃሳዪ ልምድታትን ባህላዊ ፍወሳን ብኽቕሓት ከውገድ፡ ጸለውቲ ኣካላት ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ብዕቱብ ክሰርሕሉ ከምዝደሊ ኣገንዚቡ።

ህጻናት ብእንምሮን ኣካልን ብጥዑይ ተኸብኪቦም ክዓብዩ ማዕሊዮም ተኸቢሩ ብሓልዮትን ክሕብሩን ክኣልዩ ተራ ወለዲ ብፍላይ ሙብርሂ ሂቡ።

ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቀሪቡ ኣብ ጉዳይ ልምድታት ናጻ ክዛረቡ ተማሂሮ ካብ ጎዳኢ ልምድታት ናጻ ኩዮናም፡ ናብ ትምህርቶም ጥራይ ክድህቡ - ብወሀደት ምስራሕ ከምዝደሊ እውን ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ኣገልግሎት መድሃኒት ኣብ ዞባ ደቡብ ኣቶ ጸጋይ ዓንደብርሃን ብወገኑ፡ ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ - ኣብ ጥዕናዊ ሳዕቤን ፍርያት ትንባኾ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ከምዝሃበ ተፈሊጡ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዜና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ንተመሃሮ ዘጋጥሙ ጥዕናዊ ጸገማት ኣለሊኻ ብኸመይ ሓገዝ ትገብረሎም - ንመማህራን 19 ኣብያተ-ትምህርቲ መበኢታዊ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እቲ ትምህርቲ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝምህሩ 290 መማህራን ተሳቲፎሞ።

ንጡፍን ኣድማዕን ተሳትፎ ህዝቢ ንምርግጋጽ፡ ሰፊሕ ዝርጋሐን ቅርጡውን ኣውዳድባን ተዳልዩ ከምዝነበረ፡ ሽምግልናን ዕርቅን ትካላዊ ንምግባሩ - ብደረጃ ሃገር ኣብ 755 ምምሕዳራት ከባቢ ኣካላት ሽማግለ ዕርቂ ክቖማ ምዃነን ድማ ኣረዲኣ።

## ተጋዳላይ ገብረንጉስ ሰጊድ ተፋዶ ተሰዊኡ

ኣባል ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ዝነበረ ጉዱም ተጋዳላይ ገብረንጉስ ሰጊድ ተፋዶ (ጆማዚር)፡ ብ23 ጥሪ ኣብ መበል 72 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ገብረንጉስ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ክፍሊ ስንቂ፡ ዞባዊ ሰራዊትን ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳርን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኩዩት ብምምዳብ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።



ስውእ ጉዱም ተጋዳላይ ገብረንጉስ ሰጊድ (ጆማዚር)፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 24 ጥሪ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ-ቀትሪ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ተሰኒዩ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ብመስዋእቲ ጉዱም ተጋዳላይ ገብረንጉስ ሰጊድ ተፋዶ (ጆማዚር) ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

## ዜና

# ኣብ ምርምር ስነ-ጥንቲ ዘተኰረ ስልጠና ተዋሂቡ



ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ምስ ኢጣልያዊ ጉጅለ ምርምር ፕሮጀክት ስነ-ጥንቲ ኣዱሊስ ብምትሕብባር ዝወደቦ - ናይ 10 መዓልቲ ስልጠና፡ ብ19 ጥሪ ተዛዚሙ።

ዚ ብምትሕብባር ኤርትራውያን ክኢላታት ምርምር ስነ-ጥንትን ካብ ኢንስቲትዩት ፖሊ-ቴክኒክ - ሚላኖ ዝመጽኡ ኢጣልያውያን ክኢላታትን ንራብዓይ ግዜኡ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ካብ ሃገራዊ ቤት-መዘክርን ካብ ዞባታትን ኤርትራ ዝመጽኡ - ኣብ ምርምር ስነ-ጥንቲ ዝነጥፉ 30 ኣባላት ተሳቲፎምዎ።

እቲ ትምህርቲ፡ ምሕደራ ኣብያተ-መዘክር፡ ዕቃብ ቅርሲታት፡ ኣምራት ቀዋሚ ቦታታት ስነ-ጥንቲን ስነ-ህይወትን፡ ስነ-ዳን ጂኦግራፍያዊ ስርዓተ-ሓበሬታን (G.I.S) ዝሓቈፈ እዩ።

ካብ ጨንፈር ምርምር ስነ-ጥንቲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ዶ/ር ኣብርሃም ዘርኣይን ኢጣልያዊት ክኢላ ፕሮፌሰር ሰሬና ማሳን፡ እቲ መደብ መቐጸልታ ናይ'ቲ ብፕሮጀክት ኣዱሊስ ክካየድ ዝጸንሐ ምርምር ርኽበታት ስነ-ጥንቲ ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ ንዝካየድ ስራሓት ሓጋዚ ተራ ከህልዎ እምነቶም ገሊጾም።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ሰልጠንቲ ምስ መደባት ስራሖም ብምስናይ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ንምምዕባሉ ጻዕርታቶም ክሐይሉ ኣዘኻኺሮም።

# መንደፈራ - ፕላስቲክን ፌስታልን ንምውጋድ ጻዕሪታት ይካየድ

ቤት-ጽሕፈት ሕግን ስርዓትን ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ረቒቕ ፕላስቲክን ፌስታልን ንምውጋድ ወሃዲ ጻዕሪ ክሕይል ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።



ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ መሓመድኑር በሽር፡ ኣብ 2023 - ኣባላት ግምዓት ዞባ ደቡብ ብዝገበርዎ ምክትታል ልዕሊ 12 ኲንታል፣ ኣባላት ሕግን ስርዓትን ኣብ ትካላት ብዘካየድዎ ምቁጽጻር ድማ ልዕሊ 6,444 ደርዘን ፌስታል ከምእተታሕዘን ንኣብራ ፕላስቲክ ደብርዋ ከምእተረኸበን ገሊጹ።

ፌስታል ኣብ ኣከባቢ ይኹን ኣብ ጥዕና ዘስዕቦ ኣሉታዊ ጽልዋ ዝጠቐሰ ኣቶ መሓመድኑር፡ ፌስታል ሒዞም ዝተረኽቡ ነጋዶ ሕጋዊ ስጉምቲ ከምዝውሰዶም - ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጻሕ ግን ቀጻሊ ጻዕሪ ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

ካብ ወተሃደራት ከተማ ኣቶ ጉይትኦም ሞገስ ድማ፡ ምውጋድ ፌስታልን ረቒቕ ፕላስቲክን - ናብ ዝተወሰኑ ኣካላት ጥራይ ዝሕደግ ሓላፍነት ከምዘይኮነ ብምምልካት፡ መላእ ሕብረተሰብ ክቃለሶ ዘለዎ ጉዳይ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

ፌስታል ንምእጋድ ዝወጸ ኣዋጅ ቁ.99/2004፡ ኣብ'ቲ ፈለማ እዋን እኳ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ጀሚሩ እንተነበረ፡ ምስ ግዜ - እቲ ምቁጽጻር እናላሕለሐ ከምዝመጽአ እዩ ዝገለጸ።

# ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ምሕያል ውዳበ ደቂ-ኣንስትዮ ከምዝደፍኣሉ ሓቢሩ

ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ምሕያል ውዳበን ዓቕሚታትን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ'ዚ ዓመት እዚ እውን ብዝለዓለ ከምዝደፍኣሉ ገሊጹ።

ሓላፊት'ቲ ጨንፈር ወ/ሮ ኣለም በላይ፡ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ብሓፈሻ ኣብ ሰራሕተኛታት መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ኣትኲሩ ብዝተኻየደ ናይ ምውዳብ ስራሓት፡ መንእሰያት ኪኖ ኣባልነት፡ ዋንነትን ሓላፍነትን ተሰሚዕወን ክሰርሓ በቒዐን ከምዘለዋ ኣመልኪታ።

ኣብ 13 ንኡሳን ዞባታት ኣስመራን ሰለስተ ንኡሳን ዞባታት ገጠርን፡ ደቂ-ኣንስትዮ ብደረጃ ሚኒስትሪታት፡ ፈደረሽናትን ቦርድን ተወዲበን ኣብ ዝካየዳአ መስርሕ ምርጫታት፡ እተን ዝበዝሓ ዝተዓወታ መንእሰያት ምዃነን ብምጥቃስ፡ ውጽኢት ናይ'ቲ ዝተኻየደ ዕቱብ ጻዕሪ ከምዝኾነ ሓቢራ።

ተራን ኣበርክቶን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት ብሓፈሻ፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ድማ ብፍላይ ዕዙዝ ምዃኑ ዝሓበረት ወ/ሮ ኣለም፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ - ን320 ኣብነታውያን ኣልማዕቲ ገረብ፡ ንፈተነ ንነፍሲ-ወከፈን ክልተ ቆፎ ንህቢ ከምእተዋህበንን፡ 150 ኲንታል መዓር ክረኽባ ከምዝኸኣላን ገሊጻ።



ሞያዊ ትምህርቲ ብዝምልከት፡ ምስ ዝተፈላለያ ናይ ግሊን መንግስትን መሻርኽቲ ትካላት ብምትሕብባር፡ ን391 ኣባላት ናይ ቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር፡ ኣርትያት ስእሊ፡ ስነ-ጽባቐን ካልእን ስልጠና ከምእተዋህበ ሓቢራ።

ወ/ሮ ኣለም ኣብ መወዳእታ፡ ተበጺሖ ዘሎ ደረጃ ምጥፋእ መሃይምነት ክዕቀብ፣ ሃሳዩ ልምድታት ብምልኣት ክውገድ፣ ሕቶ ማዕርነት ብግብራዊ ተሳታፍነት ክዓዝዝ ተላብያ።

# ማእከል - ኣብ ንጥፈታት ጨ/ሕግን ስርዓትን ዞባ መብርሂ ተዋሂቡ

ጨንፈር ሕግን ስርዓትን ዞባ ማእከል፡ ኣብ ምቁጽጻር ጥሕሶት ሕጋጋትን መምርሒታትን ብዘሰላሰሎ ስራሓት - ጸዋፍ ትሕዝቶ ዘለዎ ፈልምታት ሐዚን ዝተረኽበ 62 ኣብያተ-መዚቃ ነፍሲ-ወከፈን 10 ሽሕ ናቕፋን ንሓደ ወርሒ ክዕሸጋ፣ ዘይምኽኑይ ወሰኽ ዋጋ እኽሊ ዝገበራ 52 ትካላት ድማ - 888 ሽሕ ናቕፋ ከምእተቐጽዓ ሓቢሩ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኮሎኔል ተስፋሚካኤል ተስፋጽዮን፡ ኣብ 2023 - ኣብ ምቁጽጻር ንጥፈታት ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ዘይሕጋዊ ንግድን ህንጻዊ ስርሓትን ከምኡ'ውን ኣብ ምክትታል ዕዳጋታትን ምክልኻል ሓይጋታት ባርዕን ዝካየድዎ ንጥፈታት ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ ተወሳኺ መብርሂ፡ ናይ ተጠቃምነት ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ መግብታት ሒዞን ዝተረኽበ 181 ትካላት - 485 ሽሕ ናቕፋ፣ ባዕለን ሓሪደን ስጋ ክሸጣ ዝተረኽበ 6 ትካላት - 60 ሽሕ ናቕፋ ክሽፍላን ንሓደ ወርሒ ክዕሸጋን፣ ብናህሪ ዋጋ ዝተኸሰሳ 8 ትካላት ድማ፡ 33 ሽሕ ናቕፋ ከምእተቐጽዓ ገሊጹ።



ብዘይካ እዚ፡ 151 ኣብያተ-ዕዮ ሕብስቲ ብጉድለት ሚዛን፣ 6 ብጉድለት ብቕዓት ተኸሲሰን - ነፍሲ-ወከፈን 10 ሽሕ ናቕፋ ከምእተቐጽዓ፣ 41 ድማ ካብ 1 ክሳብ 4 ኣዋርሕ ክዕሸጋ ከምእተወሰነ፣ ካብ ዝተፈቐደሎም ቦታ መሸጢ ወጺኦም መንገዲ ኣጋርን ህዝባዊ ቦታን ዝዓጸዉን ካብ ውጥን ወጻኢን ብዘይ መጽኒ ፍቓድን ኣባይቲ ክሰርሑን ክጽግኑን ዝተረኽቡን እውን፡ ናይ ገዚኡ መቕጻዕቲ ከምእተወሰኖም ኣረዲኡ።

ሓይጋ ሓዊን ሳዕቤናቱን ኣብ ዝምልከት፡ ኣብ ህይወት ሰብ ዝወረደ ጉድኣት እኳ እንተዘየለ፡ ኣብ ንብረት ዋጋ 186 ሽሕ ናቕፋ ዕንወት ከምዝወረደ ሓቢሩ።

# ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ን/ዞባ ኣቑርደት ኣብ መደባት 2024 ዘትዩ

ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝበረ ዘይምዕሩይ መጠን ዝናብ ኣብ እቶት ሕርሻ ዘፈጠሮ ጽልዋ ብምግምጋም፡ ኣብ መደባት 2024 ዘትዩ።

ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ቴድሮስ ዘርኦሽ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ ዘይምዕሩይ መጠን ዝናብ፡ እቶት ኣእካል ከምኡ'ውን ቃንጫን ሳዕርን ከም'ቲ ዝድለ ከምዘይኮነ ገሊጹ።

መደባት 2024 ኣብ ዝምልከት፡ ኣብ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ሰፈሕ ወፈራታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምስልሳል፣ ቀለብ መጋቢ እንስሳ ንምውሓስ ኣብ 150 ሄክታር ሓምላይ መጋቢ ምልማዕ፣ ከም ዝሰረቱ ግዜያዊ ሕዝእቲ ምቛም. . . ዘጠቓልል ውጥን ከምዘሎ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ፡ ተወጢኑ ዘሎ መደባት ልምዓት ንምዕዋትን ኣንበጣ ገረብ ንምክልኻልን ምስ ሞያውያን ሕርሻ ምትሕብባሮም ከምዝዕዘዙ ኣረጋጊጾም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ምስስን እቶት ሕርሻን ጥሪትን ተሳቲፎ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ዝሓትት ኣውራ ጉዳይ ምዃኑ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ተወጢኑ ዘሎ መደባት ንምዕዋት - በብደረጃኡ ዘሎ መሓውራት ምምሕዳር፡ ስራሕ ኣብ ምምራሕ ብዝሓየለ ከጥፍ ኣተሓሳሲቡ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ዝበለጸ ምግቢ ኣእምሮ

ትምህርቲ ኣብ ክንደይ ክፍሊ'ዩ ዝውዳእ? ኢልካ እንተሓቲትካ፡ "4ይ ክፍሊ" ክብለካ'ዩ፡ እቲ ኤርትራውያን ልዕሊኡ ንኽቕጽሉ ኣብ ዘየፍቅድ ግዜ ዝነበረ ሰብ። "12 ክፍሊ" ይብል ድማ ሓደ ኣብኡ ዝወደአ። ኣብ 11 ክፍሊ ዝብሉ'ውን ብዙሓት'ዮም። ኣብ 4ይ ወይ 5ይ ዓመት ዩኒቨርሲቲ ዝብሉ'ውን ክህልዉ'ዮም። ኣብ ዘቋረጽካሉ ዝብሉ'ውን ኣይሰኣኑን።

ካብ'ዚ ዝተፈላለየ መልስታት እንታይ ንርዳእ? ትምህርቲ ኣብ በበይኑ ደረጃ ከምዝውዳእ? ኣይፋሉን! ብኣንጻሩ ትምህርቲ ኣይውዳእን'ዩ። እዚ ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርቲ፡ መእተዊ ነቲ ኣብ ህይወት እትምሃሮ'ዩ። ካብ ጉዕዞ ህይወት ዘይትመሃር እንተ'ኼንካ ግና፡ በዓል ቀዋሚ ስጉሚ (static) ኢኻ እት'ኸውን። ከም ሓወልቲ ድማ፡ ካብ'ታ ዝነበርካያ ከይተነቓነቕካ ትነብር።

ሓደ ሰብ፡ "ትምህርቲ ወዲአ" ክብለካ እንክሎ ኣዝዩ ዘሰንብድ'ዩ። "ደጊም ንቕድሚት ገጽካ ፍሑ'ኽ ምባል የለን" ይብል ኣሎ ማለት'ዩ። ንዓመታት ዕብየት ከየርኣዩ ኣብ ሓንቲ ደረጃ ዝነብሩ ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን። ነታ ሓንቲ ሜላ ናይ ኣሰራርሓ ከም'ዛ ጸሎት ምስ ሸምደድዋ፡ ብዘይ ገለ ለውጢ ክደጋግምዋ ይነብሩ። መዓልታዊ ሓንቲ ዓይነት ዕዮ እናዓየዩ ኸኣ ትንፋስ ዘለዎ ሓወልቲ ኰይኖም ይነብሩ።

ገለ ሰባት ኣብ ሓንቲ ስራሕ ምስ ኣተዉ፡ ናብ ሰረገላ'ዮም ዝቕየሩ። ኣሰራሒኦም ወይ ሓላፊኦም ከይስሓቦም ፍጹም ኣይስጉሙን። ባዕላቶም ክበላሓቱ ስለዘይፍትኑ ኸኣ ኣእምሮኦም እናመረተ ይመጽእ። ከምዚኣቶም ዓይነት ሰራሕተኛታት'ዮም ከኣ ንሓንቲ ትካል ምዕይ ምባል ዝኽልእዋ።

እቲ ዘሕዝን ግና፡ ዋላ'ቶም መንኮርኮር ለውጢ ክኾኑ እትጽበዮም ሰባት'ውን፡ ትምህርቲ ወዲኦም ንድሕሪት ክሕንበቡ ምርኣይ'ዩ። ስነ-ጥበበኛታት፡ ሓካይም፡ መምህራን፡ ጋዜጠኛታት፡ ሰብ ሞያ ሕግን መሰልቶምን፡ ዝተዓጻጸፍ (ዳይናሚክ) ኣእምሮ እንተዘይሒዞም፡ ነታ ሃገር ናብ ዘይትንቀሳቐስ ሃገር (static nation) ክቕይርዋ ይኽእሉ'ዮም።

ካብ'ታ ዘለኻያ ንቕድሚት ገጽካ ፍሑ'ኽ ዘይምባል፡ ኣብ ብዙሓት መምህራንን ስነ-ጥበበኛታትን ዝርአ ዘሎ ነገር'ዩ። ሓንሳብ ነቲ ሞያ ምስኣተውዎ፡ ክመሃሩ ከይፈተኑ ክምህሩ ጥራይ ይጓየዩ'ሞ፡ ኣብ ሓንቲ ደረጃ ነቒጾም ይተርፉ። ገለ ድማ ንድሕሪት ይጉተቱ።

እስከ ንመምህራንን ሓካይምን ከም ኣብነት ንውሰድ። ብዙሓት መምህራን፡ ካብ ተመሃራይ ናብ መምህር ምኻን ምስ ሰገሩ፡ እተን ዘለውኦም ክጽንቀቑ'ምበር ክውስኹ ኣይርኣዩን። ናብ ክፍሊ ክኣትዉ እንከለዉ፡ ክምህሩ ጥራይ'ዮም ዝሓስቡ። ካብ ብዙሓት ተመሃሮ ብዙሕ ክመሃሩ ከምዝኽእሉ ኣይግንዘቡን። ብገለ ተማሃሮ ንዝነቅል ፍሉይ ኣተሓሳስባታት ድማ ካብ ክንዲ ዘድንቕዎ ክቐጽይዎ ወይ ሸለል ኢሎም ክሓልፍዎ ይርኣዩ።

ኣብ ሓደ ክፍሊ፡ ነታ ቅድሚ ገለ ዓመታት "ኦፍን" (often) ተባሂላ ጥራይ እትንበብ ዝነበረት ናይ እንግሊዝ ቃል፡ ሓደ ተመሃራይ 'ኦፍተን' ኢሉ ምስ'ንበባ፡ እቲ መምህር ኣመና ኣቋናጺብዎ። እቲ መምህር ተመሃራይ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ 'ኦፍን' እዩ ዝፈልጣ። ኣብ'ዚ ቀረባ ዓመታት ብዝመጸ ናይ ኣደማምጻ ሜላ ግና ክልቲኣን ቅቡላት ኰይነን። እቲ መምህር ግና፡ ስራሕ ምምህርና ካብ ዝጀምር ንደሓር ትምህርቲ ስለዝወደአ፡ ነቲ ሓድሽ ኣደማምጻ ኣይተላለዮን። ከም'ዚ ዓይነት መምህር፡ ጠቓር ድንቁርናኡ ኣብ ተመሃሮ ክነግፍ እንተዘይኮይኑ፡ ምስ ሓዳስ ዓለም ክላልየካ ኣይክእልን'ዩ።

ኣብ ናይ ሕክምና ዓለም'ውን ትምህርቲ ምውዳእ'ዩ ብዙሕ ሽግራት ዝፈጥር ዘሎ። እቶም ሓካይም፡ ተመሪቖም ስራሕ ምስጀመሩ ትምህርቲ የቋርጹ። ብድሕሪ ምምራቖም ንዝመጽእ ምርምራትን ምዕባለታትን ጸማም እዝኒ ስለዝህብዎ ድማ፡ በቲ ዝኣረገ ሜላ ጥራይ ይሰርሑ። "ሕማም የብልካን፡ ሕማምካ ኣይነጸረለይን።" ዝብል መልሲ ሓካይም ድማ ብሰንኪ ምዝዛም ትምህርቲ ዝመጽእ ጸገም ኰይኑ'ዩ ዝስመዓኒ።

ኩልና ምህሮ እንተንውድእ፡ እዚ ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለ ቴክኖሎጂ በብቑሩብ እናዓነው፡ ናብ ዘመነ ሃድን ምትመለስና ዝብል ግምት ኣሎኒ። ኣብ'ዛ ዘለናያ ደው ምበልና ጥራይ ዘይኮነ፡ ብ'ኽቱር ናህሪ ንድሕሪት ምተሓምበብና።

ሓደ ካብ'ቶም ትምህርቲ ካብ ምቁራጽ ዝሕግዙና ሜላታት ንባብ'ዩ። ኣብ ንባብ ፈጣሪ'ሎ። ኣብ ንባብ ንፋሳትን ውቅያኖሳትን ኣለዉ። ኣብ ንባብ ዓለም ኣላ። ኣብ ንባብ ንስ'ኻ ኣለ'ኻ። ኣብ ንባብ ዘየለ፡ እቲ ቅድሚ ሕጂን ሎሚን ኣብ ዓለም ዘየለ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋላ'ቲ ኣብ ዝመጽእ መዋእላት'ውን ኣብ ዓለም ክህሉ ዘይክእል ጥራይ'ዩ እንተ'ኾነ። ቀጻሊ ዘንብብ ሰብ፡ ቀጻሊ ደረጃ ትምህርቲ እናወሰኸ ኣብ ምህሮ'ዩ ዝነብር። ጉኒ ትምህርቱ ኸኣ ይትግብር። እቲ ትምህርቲ ዝውድእ ግና፡ ንኣእምሮኡ ብጥምየት ይቐትል።



ኣእምሮ ዒላ'ዩ። ሓንቲ ዒላ፡ ባዕልና ብእንውስኸላን ብውሕጅን ዝናብን ብእትረ'ኽቦን ማይ'ያ እትመልእ። ባዕልና እንተዘይወሲ'ኽናላ ግና፡ በቲ ብውሕጅ እትረ'ኽቦ ጥራይ ዓመት ምሉእ ቀምበይበይ ክትብል ኣይት'ኽእልን። ዋላ ሓንቲ ከይመላእናላ ከኬድና ጥራይ ክንቀድሓን ክንጥቀመላን እንተፈቲንና ድማ፡ ትሕንኮ'ኽ ጥራይ ዘይኮነት፡ ብድበት'ውን ክትድፈን ት'ኽእል'ያ። ንምልኣታ እናተቐጻጸርና ኣብ እንጥቀመላ ግዜ'ውን ልክዕ ከም'ታ ዒላ፡ ባዕልና ብእንምገቦን ብዘይቀጥታዊ ድሌትና ካብ ከባቢና ብእንረ'ኽቦን ሓሳባት'ዩ ዝምላእ። ነቲ ዘድልን ዘየድልን ሓሳባት እናጻረና ድማ ንጥቀመሉ። ባዕሉ ክምዕብል ጥራይ ኣእዳውና ኣጣሚርና ምስእንጽበዮ ግና፡ ልክዕ ከም'ታ ብውሕጅ ጥራይ ክትመልእ እትጽበያ'ሞ፡ ሓደ ግዜ እትሕንኮ'ኽ ዒላ፡ ክጥፍሽ ይ'ኽእል'ዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ መስተውዓልቲ ምስዘይን'ኸውን ከኣ'ሞ ኣእምሮና ብድበት ከንቱ ሓሳባት ተመሊኡ፡ ዝረብሕ ካብ ምሕሳብ ክሕረም ይ'ኽእል'ዩ።

ብዙሓት ሰባት፡ ከይተረድኦም ወይ'ውን ብሸለልትነት ንኣእምሮኦም ጾም ክእውጅሉ ይርኣዩ'ዮም። ን'ኸብዶም'ምበር ንኣእምሮኦም ዝ'ኸውን ቀለብ ከናድዩ ኣይሕልኑን። ኣረ ፈጺሞም'ውን ኣይሓስብዎን። ኣእምሮ ቀለብ ከምዘድልዮ ኣይግንዘቡን። ከንባሁ'ቕ ወይ ጕራዕራዕ ክብል ሰሚዖሞ ስለዘይፈልጡ፡ ኣመት'ቲ ጕራዕራዕ ዝብል ከብዶም ጥራይ ይገብሩ።

ኣእምሮ እንተጠምዩ፡ ን'ኸብዲ'ውን ከምዝጸልዎ ምግንዛብ የድሊ። ኣእምሮኦም ብጥምየትን ድ'ኽነትን ማሲኑ እንከሎ ብዛዕባ ምጉዳል ክብደት ኣካላቶም ዝሻቐሉ ግን ውሑዳት ኣይኮኑን። ጽቡ'ቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ ግና እቲ ብዘይ ፍላጥ ብዓይኒን ብእዝንን ብ'ኻልኦት ህዋሳትን ኣቢሉ ዝኣቱ መግቢ፡ ንኣእምሮኦም ካብ ሞት ስለዘናግፎ ዓ'ቕሚ ነብሶም ክሓስቡ ይ'ኽእሉ። ኣቤት...! ኣእምሮ ነቲ ብፍላጥና ጥራይ እንህቦ መግቢ ዝጽበ ኔሩ እንተዝ'ኸውንሲ፡ እዛ ዓለም ባዶ ኣእምሮ ብዘለዎም ሰባት መዕለ'ቕለቐት።

ምሕሳብ ብዙሕ'ዩ ትርጉሙ። እቶም ኣእምሮኦም ብገፊጥ መፈጥ ሓሳባት ዝተመልኡ ሰባት'ውንኮ ይሓስቡ'ዮም። ዘይተቐለበ ኣእምሮ ስለዘየድምዕ ግና ካብ'ቲ ዘጸብቕዎ ዝጽይቕዎ'ዩ ዝዛይድ። ዝኾነ ይኹን ሰብ ይሃብትም፡ በዓል ዝና ይኹን፡ ስልጣንን ጽሩራታትን ይ'ኽበዶ፡ ይጸብቕ፡ ተፈጥሮ ዝዓደሎ ብልጫታት ይሃልዎ፡ ማዕረ'ቲ በዓል በሊሕ ኣእምሮን ሃብታም ኣተሓሳስባን ክሰርዕ ኣይክእልን'ዩ። እቲ ንኣእምሮኡ ብቐጻሊ ምሩጽ መግቢ ዘዳሉን ዝቕልብን ሰብ ዘይከምቶም ሃብቲ፡ ዝናን ጽባቐን ዝውንኑ፡ ነባሪ ብልጫ'ዩ ዘለዎ። ንሱ ዋላ'ውን ሽሕ ግዜ ዘመን ይገልበጦ፡ ንፍልጠቱን ብልሑን ሓ'ኺ'ኹ ክወስዶን ክዘምቶን ዝ'ኽእል ሰብ የለን። ነባሪ ፍልጠት (ክሳብ ዘለ'ኻ) ኣሎ። ዝና፡ ሃብትን ጽባቐን ግና በራሳይ'ዩ።

ክእለት፡ ድፍረት ይኹን ሓይሊ፡ ፍልጠት እንተዘይተደሚርዎ፡ ካብ ዘልምያ ዘጥፍኦ'ዩ ዝበዝሕ። እቶም ብሓይሎም ዝተኣማመኑ ጕባልል መ'ኸተ ጉስጢ'ውን እንተ'ኾኑ ብዘይ ናይ ኣእምሮ ዕዮ (ናይ ሓንጐል ጸወታ) ብዙሕ ኣየድምዑን'ዮም። ወይ ድማ ካብ'ታ ናይ ጉስጢ መድረ'ኽ ወጺኦም ዘሎ ህይወቶም ዕዉት ኣይከውንን።

ቢልጌትስ ናይ ዓለምና ዝሃብተመ ሰብ ኣሎ። ድሕሪ ገለ ወለዶታት ግና፡ ቢልጌትስ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ኣይክህሉን'ዩ። በዓል ኣልበርት ኣንስታይን ግና ኔሮም፡ ኣለዉ፡ ንሓዋሩ ኸኣ ኣብ ኣእምሮ ወለዶታት ክነብሩ'ዮም።

ንምኳኑ መግቢ ናይ ኣእምሮ እንታይ'ዩ? ከምቲ ብዙሓት ዝብልዎ ወይ ድማ ንብዙሓት ዝመስሎም፡ መግቢ ናይ ኣእምሮ ንባብ ጥራይ'ዩ ዝብል እምንቶ የብለይን። ንባብ እቲ ዝበለጸ መግቢ ምኳኑ ግና ርግጽ'ዩ። እቶም ከንብቡ ዘይክእሉ'ኸ ንኣእምሮኦም ክምግብዎ ኣይክእሉን'ዮም ማለት ድዩ? እቶም ዘንብቡ ጥራይ'ዮም መግቢ ኣእምሮ ዘዳልዉ ምባልከ ይከኣልዶ?

ብዘይጥርጥር፡ እቲ ቀንዲ መግቢ ኣእምሮ ንባብ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ከንብብ ዝ'ኽእል ከንብብ ይግበኦ'ዩ። ገለ ሰባት ግና ከንብቡ ይግብኦም ጥራይ ዘይኮነ ይግደዱ'ውን ክበሃል ይከኣል። መምህር፡ ሓኪም፡ ጸሓፊ፡ ስነ-ጥበበኛ፡ ጋዜጠኛ፡ ማናጀር፡... ኮታ ኩሎም እቶም ንህዝቢ ክምህሩ፡ ክፍውሱ፡ ከመሓድሩን ሓበሬታ ከመሓላልፉን ዝግብኦም ሰባት፡ ንባብ ግዴታኦም እዩ። ን'ኻልኦት ብሓሳባት ክትሕግዝን ክትኣልን እንተ'ኼንካ፡ መጀመርታ ንባዕል'ኻ እኹል ናይ ኣእምሮ መግቢ ክህልወካ ይግባእ።

ውሑዳት ሰባት፡ "ስለምንታይ ምንባብ የድልየኒ? ነቲ ዘንበብክዎ ድየ ክቐድሖ?" ዝብሉ ኣይሰኣኑን። "ናተይ'ምበር ናይ ካልኦት ጽሑፍ መዓስ ኰይነ ክደግም" ብምባል፡ ንንባብ ሸለል ዝብልዎ ጸሓፍትን ስነጥበበኛታትን'ውን ንዕዘብ ኢና። ይኹን'ምበር፡ ብዛዕባ እምኒ ን'ኽትጽሕፍ'ውን ብዛዕባ ሓሰማ ምንባብ ይሕግዘካ'ዩ። ም'ኽንያቱ ምንባብ፡ ንተበላሓትነት፡ ፈጠራ፡ ሓድሽ ሓሳብ ናይ ምምዕባል ድልየትን ክእለትን፡ ተዓጻጻፊ ሜላ ንምፍጣርን ካልእን ስለዝሕግዝ ክጉሰ ዘይብሉ ነገር'ዩ።

ገለ መምህራን ንዓሰርተ ዓመታት ብሓንቲ መጽሓፍ ምሂሮም ለውጢ ዘየምጽኡላ'ለዉ። ዋላ'ቲ ዝህብዎ ኣብነታት'ውን ዓመት-ዓመት ኣይልወጥን'ዩ። እቶም ካብ ኣእምሮኦም ፍልጠት እናገለሉ ን'ኻልኦት ዝዕድሉ ሞያውያን፡ ንለውጢ ብንባብ እንተዘይገጢመሞ ደኣ'ሞ ካበይ ኣምጺኦም'ዮም ን'ኻልኦት ክምህሩ!? ሓደ ሰብ ከየንበበ ቀጻሊ ክምህር፡ ክጽሕፍን ክደርስን እንተ'ኾይኑ'ሞ፡ ካብ'ቲ ሕንኳ'ኽ ኣእምሮኡ ዝወጸ ዝርግራግ ሓሳባት'ዩ ክህበና ማለት'ዩ።

ንባብ ጥራይ ግና ኣይኮነን ንኣእምሮና ዘማዕብልን ንኣተሓሳስባና ዘደንፍዕን። ንፉዕ መስተብሃልን መስተውዓልን፡ ንፉዕ ሰማዕን ትኩር ጠማትን ምኳን ከምኡ'ውን ንነገራት ኣዳቒ'ቕካ ክትፈልጦም ምሕላን'ውን ዓቢ ነገር'ዩ። እዚ ድማ ብተፈጥሮ ዝምጽእ ነገር ጥራይ ዘይኮነ፡ ብጻዕሪ'ውን ክጥረ ዝ'ኽእል ባህሪ'ዩ።

ዘይለመድካዮ ኩነታት ኣየር፡ ዘይትፈልጦ ባህሊ፡ ዘይትፈልጦም ኣጋይሽ፡ ሓሲብካሉ ዘይትፈልጥ ኩነታት፡ ድቦላ ጸገማትን ካልእ ሓድሽ ነገርን ክገጥመካ ከሎ፡ ጸዋሚ ኣእምሮ ብጭንቀት'ዩ ዝዋጠር። ኣእምሮና ብቐጻሊ ምሩጽ መግቢ እናሃብና ኣማዕቢልናዮ እንተጸኒሕና ግና ንኹሉ እንተታት ድልው ኰይኑ'ዩ ዝጸንሕ።

ንኹሉ ነገር ንምምካት ድሉው ኣእምሮ የድሊ። ዝሃለወ ይሃልወና ድማ ብዘይ ናይ ኣእምሮ ንጥፈት ክንቅጽል ኣይን'ኽእልን ኢና። ደረጃኡ ድኣ ይፈላለ'ምበር ኣእምሮኡ ኣወንዚፉ ብ'ኻልእ ትሕዝቶኡ ጥራይ ክነብር ዝ'ኽእል'ውን የለን። ን'ኹሉ ንምምካት ድማ በሊሕ ኣእምሮ'ዩ ዘድሊ'ሞ፡ ንኣእምሮና ካብ ጾም ኣውጺእና መግቢ ንቐርበሉ። ንባብን ምስትውዓልን ምስትብሃልን!።

*ኣማኑኤል በርሀ*
*መጽሔት ፍኖት ቍ.2*

# ሩፍታ

ማህሌታይ ያሬድ

## እታ መርዓት!

ካብ'ታ ክልተ ኣውዳት ኣርባዕተ ኣዋልድን ዘፍረያት ገዛ በኹሪ'ዩ፡፡ ብዓል ቁመትን ስጡም ቅርጺ ኣካላትን ምኪኤል፡ ክሳዕ ግርማኡን መልክዑን ቀወም-ነገሩ ንወለዱን ፈለጥቱን ዘሐጕስ እዩ፡፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኡ እዩ በቶም መዛኑኡን ደቂ ገዛውቱን ተጸልዩ ድሕራቓትሪ እናተማህረ ቕድሚ-ቓትሪ ኣብ ፋብሪካ ዓለብ (ባራቶሎ) እናሰርሐ ንወለዱ ክሕግዝ ዝጀመረ፡፡ ኣይሓመቐን ንወለዱ ኾይኑስ ነታ ምንኣስ ምንኣሱ ዝኾነት ኣስቴር ሓብቱ ኣብ መርዓን ደርዓን ኣብጺሐቶ፡፡

ኣብ 1950 ዓ.ም. ኣብ ጎዳይፍ ተወሊዱ ኣብ ገጀረት ዝዓበየ ምኪኤል፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ናይ 1974 ዓ.ም. - ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ተወዲቡ፡ ሓደ ካብ'ቶም ንጡፋት ሓፋሽ ወዳብት ኮይኑ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዕማም ውድብ ተተሓሒዙ፡ ኣብ'ቲ ሃገራዊ ስምዒት እናገንፈለ ዝኸደሉ እዋን፡ መሪሒ. ወጾ ብፆማኣን ብሃገራዊ ስምዒት ተደሪኹ፡ ዝያዳ ኣደህቦኡ ናብ ስራሕ ውድብ ብምግባር፡ ሳዕልን ታሕትን ምባል ቐጸለ፡፡ ወለዱ ኾኑ፡ ኣስቴር ሓብቱ፡ ድሕሪ ምምርዓዋ፡ ነቲ በኹሪ ገዛ ዝኾነ ወዶም ስለ ዘየምሰሉዎ ወትሩ ቅሳነት ምስ ሰኣኑ እዮም፡፡

ኣዒንቲ ጎረቤት ዘስሕብ ቁመናን መልክዕን ዘይወሓዶ ምኪኤል፡ ንጉዳይ ሓዳር ኣብ ድሕሪት ሰሪዑ፡ ኣብ ስራሕ ውድብን ምእላይ ስድራቤቱን ተጸሚዱ፡ ንሕቶ ወለዱ ኣይተቐበሎን፡፡ ንሳቶም ወግሐ ጸብሐ "ንዓ'ባ ስምዓና - ሰብ ዘኽብሮ ግበር!" ክብሉ፡ ንሱ በበይኑ ዓይነት መመኽነይታ እናኣምጸአ ካብ መርዓ ክሃድም ተረባሪቡ፡፡ ብለይቲ ይኹን ብቐትሪ ብስራሕ ውድብ ጸዓው ኒጆው ምባሉ ዘቐሰቦም ወለዱ፡ ውሉድ ከይገድፈሎም ከይሰእንዎ እውን ፍርሒ ነበሮም፡፡ እቲ እዋን ኣብ ኣስመራ ስርሒታት ፌዳኢን እናበርኸ ዝመጽኣሉን መሰዋእቲን ሞትን ዝሰማዓሉን ብምንባሩ፡ ካብ ቤት ወጺኡ ኩሉ ግዜ ብደሓን ምምላስ ከም ዘየለ ተገንዚቦም እዮም፡፡

ንሰውራ ዘድሊ ንብረት፡ በቲ ድልዱል ተኽለ ሰብኡቱ ጸይሩ፡ ብጸልማት ናብ ዓድታት ከባቢ ኣስመራ በጺሑ ክምለስ ክምህ ዘይብል ምኪኤል፡ እናሓደረ ሃሙን ቀልቡን ናብ ሰውራ እዩ ግዚዙ፡፡ ነቶም ብወሰኑን ትሕዝቶ ዘዕቢዮዎ ወለዱ ክሽዕዮም ኣይደለየን ደኣ'ምበር፡ ስራሕ ጉዲፉ ምሉእ ግዜኡ ኣብ ሰውራዊ ዕማም እንተ ዘሕልፎ ኣይምጸልኣን፡፡

ወለዱ ብኾቕለት ተሓሚሶም፡ ገጽ-ገጹ እናረኣዩ ዕለት-ዕለት ይልምንዎ፡ ንሱ ድማ ጉዳይ ሃገር ዓጢጡዎ፡ ብዘረባኦም እናተሸቐረረ መመለሲ ብልቡ ይርሕቕ፡፡

ሓደ ግዜ ግን ወህለል ዘረባ ወለዱ ኣመና ኸቢዱዎ፡ ከም ዝሓለፈ ግዜ ብመመኽነይታ ክሓልፎ ዘይክእለሉ ኩነት ተፈጥረ፡፡ ሰሓርቲ ሓዲሩ ሰዓት 5፡00 ወጋሕታ ገዛ እትው ክብል እንከሎ፡ ምስ'ቶም ናብ ቤተክርስትያን ዝቐደሙ ኣደኡን ኣቡኡን ጎፍ ንጎፍ ተራኸበ፡፡ ሽዑ ወላዲኡ ኣቶ ፍሳሃ ሓንሳብ ጠሚቶሞ ካብ ምሕላፍ ሓሊፎም ኣይተዛረብዎን፡፡ ብለይቲ ወፊሩ ኣብ ስራሕ ውድብ ከም ዝሓደረ ኣይጠፍኦምን፡፡ ናይ ወላዲ ሃገር ደኣ ኾይኑዎም እምበር፡ ካብ'ቲ ኩሉ ኤርትራዊ ኣደ ክሕወሰሉ ዝኾኖ መድረኽ ቃልሲ ክኽልክልዎ ኣይደልዩን እዮም፡፡

ወላዲቱ ወይዘሮ ጽገወይኒ ግን ካብ ብዓልቤተን ትርፍ ኢለን፡ "ኣበይ ሓዲርካ በኹሪ ዓይነይ?" ክብላ ብትሑት ድምጺ ሓተታኖ፡፡

"ኣብ ስራሕ"

"ኢታ ቖልዓ - ተባዚሖ ኣለኻ!" ኢለን፡ ንብዓልቤተን ብዙብዙብ ኣርኪበኦም፡፡

ሽዑ እየም ኣቶ ፍሳሃ እቲ ናይ ኩሉ እዋን ሻቕሎቶም ዝደረኾ ሕርቃን ዝገንፈሎም፡፡ "ስምዒ ጽገወይኒ፡ እዚ ቖልዓ ሎሚ ጸባሕ ዘይብሉ ከመርዕዎ ኣለና፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ኣነ እርእዮ ኣለኹ ልቡ ምሳና የለን፡፡ ከይጠፍኣና ኸሎ ዓቲብና ንሓዞ፡፡ ጸባሕ ንግሆ ክትጠየሲ ኢኺ፡፡ ስለዚ ዝመጽአ ከይመጽአ ኸሎ ተዛሪብዮ - ሳዕሊን ታሕቲን



ዘይብሉ 'ከመርዕወካ ኢና' በልዮ" ክብሉ፡ ዘረባ ኣትረረለን፡፡ ኣደይ ጽገወይኒ፡ ወትሩ ብውሉደን ይሻቐላ እንተ ነበራ'ኳ፡ ናይ ሽዑ ዘረባ ብዓልቤተን ግን ዝያዳ ሻቕሎት ወሰኸለን፡፡

ሓውሲ. ቅጥዕ ኢለን ከኣ "ወደለይ. . ስምዑ እስከ በይነይ ደየ ወሊደየ፡፡ ክልተና ብሓባር ኮፍ ኣቢልና ክንዛረቦ ኣለና፡፡ ሰብኣይ እንከለዋስ ብበይቲ. . ." ክብላ ኣፈን ጎምጺጸ፡፡

"ንሱስ ጸቡቕ ኣለኺ፡፡ ግን በኹሪ ዓይንኺ. እዩ'ሞ ንዓኺ. እንተ ሰሚዒ. ኢለ እየ"

"ንዓኺምሲ. በኹሪ ዓይንኺምዶ ኣይኮነን፡፡ ኣነን ንሸኹምን እንታይ ፍልልይ ኣለና. . ."

"ደሓን ሕጂ ዘረባ ጉዲፍና እንታይ ንግበር?"

"ኮፍ ኣቢልና ንዛረቦ፡፡ ኣብ'ዛ እግሩ ክወድቕ እዩ፡፡ ዝወደይ ሕጂ ደኣ ብዘይተሓዝ ተታሓዘ እምበር፡ ካብ ዘረባና ወጺኡ ደፊልጥ እዩ፡፡ ብሓንሳብ ኺፍና ንለምኖ"

ብዝዕባ በኹሪ ውላዶም ሚኪኤል እናተዘራረቡ ካብ ቤተክርስትያን ክምለሱ ኸለዉ. "ጓል ሰብ ከኣ ጠሚትክም ጸንሑ፡፡ እዚ. ወደይ ምእዙዝ እንድዩ፡፡ ሕራይ ይብለና ይኸውን፡፡ ንሸኹም ግን ጓል ሰብ ጠሚትኩም ጸንሑ" በላኦም፡፡

"ብዝዕባኡስ ደሓን - ከመይ ዝበለት ቖልዓ ኣላትና"

"መን ደኣ ኾይና?"

"ጓል መሓሪ"

"መሓሪ መን?"

"መሓሪ እዚ. ዓርከይ ብዓል ደኳን እምበር መን ደኣ"

ወይዘሮ ጽገወይኒ ሓጎስ እናተሰመዐን "ኣቱም እቲ ልብናስ ሓደ እዩ፡፡ ኤልሳ ጽብቕቲ፡ ኤልሳ ወረጃ! እዚኣስ ሰይቲ ወደይ እንተትኾነለይ እናበልኩ ምርቓ እንድየ ዘብሎ፡፡ ከም ሕጂ ዘመርዓናዮ ኮይኑ እኳ ተሰሚዑኒ" መለሳ፡፡

"ከመይ ደኣ፡ ጓል ዓበይቲ እያ እምበር"

"ከመይ ዝበሉ ክብራት ዝጸምባር. . ካብ መልክዕሽ እንታይ ዝዘርፉ ኣለዉ፡፡ ሽጥ መማንጥ፡ ኣሰ እቲ ናብ ቅደሪ. ዝኸደ ከደራይ ሕብራ ዲኹም ክትብሉ፡ ተኸሲሱበታ ዲኹም ክትብሉ፡ ጸጉራ ክፍተወኒ. . ."

"ጥራይ ሕጂ ተቐዳደሙ ቦግ ከይበሉዋ ኸሰዉ. . ."

"እቲ ንሱ ጥራይ ሕራይ ደበለና በሲ. ሕጂ፡፡ ናታስ ደሓን ኒያሩ"

"ኢኢ . እዚኣ ትመስል ቖልዓ መን ከጸንሓ? ኣሕሊፍክም ደኣ ጸንሑ"

"ሕጂ ዘይከዓ ቐደም ምስ መሓሪ ዓርከይ ተዛሪብና ወዲእናዮ ኢና፡፡ ናይ ምኪኤል እዩ ተሪፉ ዘሎ"

ምኪኤል ካብ ስራሕ ብለይቲ ኣትዩ ኣብ ምድቃሱ ምስ ጸንሐ፡ በ'ን ተቐራሪቦ እናተቐልወ እንከሎ ተንስኡ፡፡ ወላዲቱ "ምኪኤል ወደይ - በኹሪ ዓይነይ፡ እንቋዕ በል ተሳኢኻ፡ ኣይብኣኻ እንዲና ክንዛረብ ጸኒሕና" ብምባል ኣእዳወን ዘርጊሐን ሓንጎፋይ ኢለን ምስ ተቐበላኦ፡ ከም ወትሩ ዘረባ ሓዳርን መርዓን ከም ዝለዓል ኣይጠፍኦን፡፡ ስለዚ እዩ ድማ ክምስ እናበለ "ናይ ደሓን ደኣ ዘኪርኩምኒ?" እናበለ ኮፍ ዝበለ፡፡

"ናይ ደሓን'ዩ ዘወደይ" ፍሽኽ ኢለን መለሳሉ ወይዘሮ ጽገወይኒ፡፡

"ናይ ደሓን ይግበሮ"

ኣወል ተቐዲሓ ፈፍንጃሎም ምስ ሓዘ፡ እታ ዝበለጸት ግዜ ምኻና ዝኣመኑ ዝመሰሉ ኣቶ ፍስሃ "ስማዕ ምኪኤል ወደይ፡ እዚ. ግዜ ትርእዮ ኣሎኻ፡ ካባና ንላዕሊ. ድማ ባዕልኻ ኣለኻዮ፡፡ ትገብሮ ዘለኻ እንተ ዘይጸላእናዮ እኳ፡ ሓደ እግርና ኣብ ጉድጓድ ኣትዩ እዩ፡፡ ዕምባባኻ ክንርኢ. ንደሊ. ኣለና ኣታ ቖልዓ - ንሕና ሎሚዶ ጸባሕ እናበልና፡ ንሸኻ ድማ ዘይኣመልካ ተረርካና ምኪኤል ወደይ፡፡ ንጉዚ ኣለና፡፡ ንሻቐል ከኣ፡፡ ሰብከ እንታይ ክብለና እዩ! ኣብ ርእሲኡ ኸኣ፡ ንሓውኻ ከይምሰሎ፡ ምዕባዩ እናሃለኻ ዘይጋበር ኩይኑ፡ ተተሓሒዝኩም ደው ኮይኑ. . ."

ገና ዘረባኦም ከይወድኡ እንከለዉ፡ ኣደይ ጽገወይኒ "ሓደራኻ እዚ. ወደይ፡ ንዓይ ክትብል ሕራይ በለኒ፡፡ እንኸልካ 'ሎሚ-ጸባሕ' እየ ዝብል ዘለኹ ዝወደይ" ኢለን ኣብ እግሩ ተደፍኣ፡፡ "ካብ ኣደኡ ንኽለቕቕ ብድድ እንተበለ እውን ክልተ ኣእጋሩ ከሪሙ ኣብለን ምልቃቕ ኣብያኦ፡፡

ምኪኤል ብወለዱ ደንጸዩ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ "ሕራይ" በሎም፡፡ ወለዲ ተሓጕሶም፡፡ ካብ'ታ ዕለት ኣትሒዞም ድማ፡ ብዛዕባ መርዓኡ ክሓስቡ ጀመሩ፡፡ ጓል ከም ዝመረጽሉ እውን ነገርዎ፡፡ እናተበራረዩ፡ መን ምኻና ምስ ሓበሩዎ ድማ - "ሕራይ፡ ፍታውክም ፍታወይ እዩ" ክብል ኣቕሰኖም፡፡ "ሎሚ ክሕሰቦና" ኢሎምዎ፡፡

"እዋይ ተመስገን፡፡ ኣታ ምኪኤል ወደይ፡ ሰኣን ንሸኻ ሕራይ ምባልካ ከመይ ዝበለት ቖልዓ ክንምንጠል! ተመስገን ፈጣሪ ኩሉ ዓለም" ክብላ ኣመስገና ወ/ሮ ጽገወይኒ፡፡

ሽምግልታት ሰዲዶም "ትብጽሕኩም" ምስ ተባህሉ፡ ሓጺር ቖጸራ ተገብረ፡፡ ኣብ 12 ጥሪ 1976 ዓ.ም፡ ምኪኤልን ኤልሳን ቃል-ኪዳን ምስ ኣሰሩ፡ ኣብ እንዳ ወዲ ሕጽኖት ጀመሩ፡፡

ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ናይ ሕጽኖቶም፡ ሰዓት 8፡00 ናይ ምሸት፡ ምኪኤል ኣብ ውድባዊ ስራሕ ዝፈልጦም ክልተ ሰባት ናብ ገዛኡ መጽኡ፡፡ ኣመጻጽኣኦም ናይ ደሓን ዝመስል ኣይነበረን፡፡ ግን ብስራሕ ስለ ዝፈልጦም፡ ብዙሕ ኣይተሻቐለን፡፡

ገዛ ኣትዮም ኮፍ ከይበሉ፡ ሓደ ካብኣቶም "እሞ ሓንሳብ ኣብ ደገ ክንዛረብ?" በሎ'ሞ፡ ተተሓሒዞም ወጹ፡፡ ምኪኤል፡ ኮፍ ንኽብሉን እንጀራ ንኽበልዑን ደጋጊሙ እንተ ዓደሞም - ግዜ ከም ዘይነበሮም ኩነታቶም ይገልጽ ነበረ፡፡ "ደሓን ቅልጥፍ ንበል፡ ክትምለስ ኢኻ፡ ንሕና ኸኣ ተሃዊኽና ኣለና" ኢሎም ኣቕዲሞም ካብ ገዛ ወጹ፡፡

እታ ኣብ ዓራት ኮይና ዘረባኦም ትሰምዕ ዝነበረት ኤልሳ፡ ኩነታቶም ደስ ስለዘይበሎ፡ መጋረጃ ቀሊዓ ሻቕሎት ብዝኸደኖ ወጽዒ "ደሓን ደዮም?" ክትብል ሓተተቶ፡፡

"ኣይተሸገሪ ናይ ደሓን እዮም"

"እንታዎት እዮምከ?"

"መሳርሕትና እዮም፡ ብስራሕ እዩ ዝኸውን" ኢሉ ሰዓቦም፡፡

ልዕት ምስ በለ፡ ጸሊም ተደሚሩዎ ነቶም ሰባት ደልዩ ቀባሕባሕ ምስ በሉ ኣብ ፍያት 124 ዝዓይነታ መኪና ኾይኖም ብመብራህቲ ምልክት ገበሩሉ፡፡ የማኑ ጸጋሙ እናጠመተ፡ ናብ'ታ ምሕደግ ኢላ ዝበረት መኪና ገጹ ሰጎመ፡፡ ምስ'ቲ ኣብ ውሽጢ. መኪና ዝጸንሐ ኣብል ፈዳኢን ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ "እንታይ ሓድሽ ሃገር ኣሎ ደዩ?" ክብል ሓተቶም፡፡

"ሓደ ሰብ ተታሒዙና ኣሎ፡፡ ብምሕር ምቕጥቃጥ ገለ ዘረባ ኣምሊቑ ኣሎ" ኢሉ እናቐጸለ እንከሎ "መን'ዩ?" ክብል ኮለፎ ምኪኤል፡፡ እቲ ፈዳኢን ስም ናይ'ቲ ዝተታሕዘ ሃገሮ፡፡

"መዓስ ተታሒዙ?"

"ትማሊ. ንጉሆ ተታሒዙ ኣሎ፡፡ ሎሚ ለይቲ ክሕዙኻ ከም ትሓዝ ገይሮም ኣለዉ."

"እንታይ ትብል ወደይ?"

"ሕጂ ብቕልጡፍ ክትወጽእ ሓበሬታ ተዋሂቡና ኣሎ፡፡ ምሳኻ ዝወጽኡ ሰባት ተዳልዮም ኣለዉ፡፡ ግዜ ስለዘይብልካ ተቐላጠፍ፡፡ ዓዲ'ቓሸ ሓዲርካ ዳምባ ሰሓርቲ ተረኸብ! ሕጂ ከድ ዘድልየካ ጠርንፍ" በሎ፡፡ የማን ጸጋም ዘይብል ትእዛዝ እዩ፡፡ ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታ ተቐቢሉ ድማ ብዛዕባ ምውጻኡ ክሓስብ ጀመረ፡፡

ኣሰይቡ፡ እቲ ተጋዳላይ "ክሳብ እትዳሎ ሓለዋ ኣለዉኻ፡፡ ዝኾነ ወረቓቕቲ ኣብ ገዛኻ ከይትገድፍ" ኢሉ ነቶም ሓለዋ ገዲፋሉ ተመርቀፈ፡፡

ምኪኤል፡ ክዳውንቲ ቀያይሩ፡፡ ነቲ ምንኣሱ ኣብርሃም ሓዉ ጸውዖ፡፡ "ኣነ በዓም ህዝቢ. ደህንነት እደለ ስለዘለኹ - በርካ እኸይድ ኣለኹ፡፡ ሕጂ ቀልጢፈ ክወጽእ ኣለኒ፡፡ እዛ ሰበይተይ ሓደራ፡፡ ባዕልኻ ኣሐጽና ኢኻ፡፡ ንኣቦይን ኣደይን ግን ቀስ ኢልካ ንገሮም፡፡ ቀልጢፍካ ኣደይ ከይርኣየትካ ሽዱ ሐ.ዝኻለይ ምጽኣ" በሎ፡፡

ኣብርሃም ብቕልጡፍ ገዛ ኣትዩ ክልተ ኣንሶላ ሒዙ ወጽኡ፡፡ እናተደፋፍኡ ድማ "ጸዕዳ ይጽናሕካ" ኢሉ፡ ብዛዕባ ኤልሳ ክሻቐል ከም ዘይብሉ፡ ናይ ኣደኡ ግን ከም ዘኸብዶ ኣሚቱሉ፡፡

"ኣብርሃም ሓወይ ሕጂ ዝገበር ሃገር የለን፡፡ ኣደይ ኣብ ቅድመኣ ደመይ ክፈስስ ክትርኢ? ቻው ጥራይ ኣይትሕመቕ" ኢሉ ምስ'ቶም ዝጸበዩዎ ዝበሩ ካብ'ቲ ከባቢ ተኸወለ፡

ኣብርሃም፡ ገዛ ኣትዩ ቀሩብ ምስ ጸንሐ፡ ምኪኤል ናበይ ከም ዝኸደ ሓቲቶሞ፡፡ ንሱ ግን "ስራሕ ኣሎዎ፡ ክመጽእ'ዩ" እናበለ ሰዓታት ከዩ፡፡ ኣብ ከምዚ. ህሞት ከሎ. ድማ'ዩ ማዕጾ እንዳቦይ ፍሰሃ ብበርቱዕ ድምጺ. ዝተኳሕኳሐ፡፡ ኣብ መደቀሲኦም ዝጸንሑ ኣቶ ፍሰሃ ብድድ ኢሎም እናኣንጸርጸሩ "መን ኢኻ?" ክብሉ ሓተቱ፡፡

"ክፈትው" ዝበል ድምጺ. ብቛንቋ ኣምሓርኛ ምስ ሰምዑ ግን ረድሪድ በሉ፡፡ "ናይ ደሓን ዲኹም?" ክብሉ'ውን ሓተቱ፡፡

"ሽቕ በል ኣታ ኣረጊት፡ ኣበይ ኣሎ ምኪኤል?" ታህዲድ ዝተሓወሶ ቋንቋ ኣምሓርኛ እዩ፡፡ እቶም ወተሃደራት ህዱድ ኢሎም ብረት ኣናኣወጣወጡ ድሕሪ ምእታው፡ ብዛዕባ ምኪኤል ሓበሬታ ሓተቱ፡፡ ብዘይካ "እንድዒ?" ካልእ መልሲ. ኣይረኸቡን፡፡

እቶም ብህዝቢ. ደህንነት ዝፍለጡ "ኣፋኝ" እናፈተሹ ኸለዉ፡ ንኣብርሃም ምስ'ታ መርዓት ረኺቦም፡ "ምኪኤል ዲኻ?" ሓተቶ ሓደ ካብኦቶም ኣብ ኣፍልቡ ሽጉጥ ተኺሉ፡፡

"ኣይኮንኩን"

"ምስታወቂያ ኣምጣ"

እቲ ገጹ ተሸፊኑ ምስኦቶም ዝመጽአ ዘይልለ ሰብ፡ ብምልክት ሚኪኤል ከም ዘይኮነ ምስ ሓበሮ ድማ፡ ናብ'ታ መርዓት ብምዃር "ኣበይ ኣሎ ሰብኣይኪ?" በሉ ነታ ብስምባደ ረድሪድ ትብል ዝበረት ኤልሳ፡፡

"እንድዒ፡፡"

"መዓስ ወጺኡ?"

"ብእዋኑ እዩ ወጺኡ"

ነታ ገዛ ብንቁርቁር ኣቢሎም ምስ ፈተሹዋ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ሓለዋ ብምግዳፍ ከዱ፡፡

መርዓት፡ ብዘይመርዓዊ ተሓጺና ናብ ገዛኣ ተመሊሳ፡ ከምኡ ድማ ደቂ ሓዘት፡፡ ግዜኡ ኣኺሉ እውን ናጽነት ዝሰመየታ ጓል ተገላገለት፡፡ ብዓል-ኪዳና ክምለስ ብሃንቀውታ እናጸበየት ድማ ግዜ ተወንጨፈ፡፡ ሚኪኤል በ'ታ ዝወጽኣ ኣይተመልሰን፡ "ናጽነት" ጉዲፉ ምእንቲ ናጽነት ሓሊፉ፡፡

እታ ብዓልቲ ጸኒዕ ቃልኪዳን ወይዘሮ ኤልሳ፡ ኣብ እንዳ ሓሙኣ፡ ንሓሙኣን ሓሞታን ኣኽቢራ እናነበረት፡ ንናጽነት ጓላ ኣመርዕያታ፡፡ እቲ ሓሞታ ዝገደፋላ ምልክእ ስልማት - ንናጽነት ጓላ ኣረኪባታ፡፡ ሎሚ ናጽነት ክልተ ኣውዳትን ሰለስተ ኣዋልድን ወሊዳ ብደቃ ማሚቓ ትነብር ኣላ፡፡ ብዓልቲ ጸኒዕ ኪዳን ኤልሳ ድማ፡ ደቂ-ደቃ ክትርኢ በቒዓ፡፡ ደሮውን መርዓ ናይ ወዲ ናጽነት ጓላ ኣርከበላሲ ኣቦኡ ርእዩ፡፡ እታ ኣብ ሕጽኖታ ዝተኸልፈት መርዓት፡ ኣቢት ጸኒዕ ቃልኪዳን!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣላይ ሚካኤል መንግስትኣብ ምባል ተሪፉ፡ ኣላይት ሚካኤል መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ከሳሲት ለሊ. ሳህለ ተወልደመድህን፡ ተኸሳሲ. ኣብርሃም ጸጋይ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን12/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ።

ወ/ሮ ጉዕት ነጋሽ ተኽለሃይማኖት፡ ኣደይ ለተብርሃን ተስፋየወሃንስ ባህታ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለድያ የሴፍ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦይ የሴፍ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ምሕረት ካሕሳይ በርሀ፡ ዶ/ር ከሰተ ዳኒኤል መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዛግር

ወ/ሮ ለተኪዳን ክፍለኪኤል፡ ወ/ሮ ሓዳስ ክፍለኪኤል፡ ኣቶ ሰለሙን ዘርኣይ፡ ናይ ኣቡላንና ነ/ሄር ክፍለኪኤል ወልዱ ኣብ ዛግር ዝርከብ ሰሩሕ ህድሞ ንሕና ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ ኣማኑኤል ዓንደን ወ/ሮ እዝጋሃርያ ወልደኣብ፡ ስም ት/ዕድመ ወድና ኣድሓኖም ኣማኑኤል ዓንደ ምባል ተሪፉ፡ ሚልኪያስ ኣማኑኤል ዓንደ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ጎርዞ

ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ዑቕባ፡ ኣቦይ ዑቕባ ዘርኡ ሕድራይን ኣደይ ከበደሽ ሃይለ ምራጭን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ዑስማን መሓመድ እድሪስ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ ፈይሰል እድሪስ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ፈይሰል ዑስማን መሓመድ ተባሂሉ ይትኣረመሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

መሓመድ ሳልሕ ሓጃጅ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድሳልሕ ሓጃጅ ጀምዕ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑቕባይ ዘርኣም ዓዋተ ምባል ተሪፉ፡ ዑቕባይ ዘርእማርያም ዓዋተ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማስፉን ዳዊት መድሕን ምባል ተሪፉ፡ ማስፉን ናውድ መድሕን ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስኣደም ኣሕመድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ እድሪስ ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣይተራ

ወ/ሮ ቀደሽ ሰለሙን ሞገስ፡ በዓል ቤተይ ኪዳነ ግርማይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባርካ - ተሰነይ

መርሃዊ ኑመሪ ዓሊ. ምባል ተሪፉ፡ መርሃዊ ዓብደልዋሃብ ዓሊ ሰዒድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ በርሀ ሰለሙን፡ ኣቶ ሳንተኖ ቢኸ ዱዚኘ፡ ብዕለት 29/11/19 ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ዝሃበ ህያብ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ብሸኳ

ወ/ሮ ኑብያት ኣኪሉ፡ ሓወይ ዓንደም ሃደለ ማሉ ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባርካ - ጎልጅ

ደቦሳይ ዑመር መሳ ምባል ተሪፉ፡ ደቦሳይ ዑመር ሞስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/2/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ንዓመተ 2024 ንሓደ ዓመት (01/02/2024-31/12/2024) ናይ ኣሕምልትን ዝተቓመመ በርበረን ኣሜሪቱ ወሰል ክኣቱ ስለዝደለየ፣ ንግዱሳት ተሜሪትቲ ይዕድም።

ሕጋውያን ተሜሪትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ረቓሒታት

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዋና ትካል ከምኡ'ውን ናይ ዋና ቅዳሕ መንነት ወረቐት።።
2.ተሜራታይ ትካል ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ኮይኑ፡ ናይ 2023 ግብሪ ከምዝኸፈለ ክሊራንስ መበቆላዊ (orginal) ሰነዳትን ቅዳሕ የቕርብ። እቲ ቅዳሕ ምስ መበቆላዊ ሰነዳት ተመሳኪሩ መበቆላዊ ሰነድ ንተሜራታይ ይምለስ።
3.ተሜራታይ ትካል፡ ወኪል ወይ ሕጋዊ ኣካያዲ ትካል ምስ ዝኸውን ቅዳሕ (photo copy) ናይ ሕጋዊ ውክልና ስልጣንን መንነት ወረቐትን የቕርብ።
4.ተሜራታይ ትካል ኣገልግሎት ናይ ምሃብ ብቕዓት፡ ሕሉፍ ናይ ታሪኽ ስራሕ፡ ስራሕ ኣብ እዋኑ ንምትግባር ተኽእሎን ካልእን ከረጋግጹ ዝኽእሉ ሰነዳት ወይ ምስክር ወረቐት ብቕዳሕ የቕርብ።
5.ተሜራታይ ትካል ዝ. ዝተጠቕሰ ስራሕ ንኸማልእ ናይ ውልቁ መጓዓዝያን ወጻኢታትን ብምሽፋን ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ባጽዕ ሰሙናዊ የቕርብ።
6.ተሜሪትቲ ትካላት፡ ናይ ጨረታ ወረቓቕቶም ብመሰረት ተዳልዩ ዘሎ ናይ ጨረታ ሰነድ መሊኦም ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ተኸታታሊ. 15 መዓልታት ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ምምሕዳርን ፋይናንስን ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ባጽዕ ብኣካል ዝተዓሸገ ጸሰጣ ብናይ ትካሎም ሕጋዊ ማሕተም ኣሰንዮም የቕርቡ።።
7. ጨረታ፡ ተሜሪትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ምልክታ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ኣብ መበል 16 መዓልቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ባጽዕ ሰዓት 11:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቅድሚ ተሜሪትቲ ይኽፈት። ዝኾነ ለውጢ ናይ ግዜ ምስ ዝሀሉ ንተሜሪትቲ ብቴሌፎን ክሕበር ምዃኑ ንሕብር።
8. ተወሳኺ. መብርሂን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ምስ ዝደሊ፡ ቅድሚ ምኽፋት ጨረታ ዘሎ ግዜ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ባጽዕ ወይ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ምውካስ ይከኣል።
9. ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ካልእ ኣማራጺ. እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
10. ሰነድ ጨረታ ኣብ ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ደምበ ሰምበል ብሎክ "A" 4ይ ደርቢ. ከምኡ'ውን ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ባጽዕ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክትወስዱ ትኽእሉ።
11. ቀረብ ዝቐርበሉ ቦታ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ባጽዕ እዩ።
12. ንመኽበሪ ጨረታ 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) c.p.o የትሕዙ።
13. ጨረታ፡ መምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ማሰረት ይኻየድ።
14. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ተሜሪትቲ ክፉት እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ. 540053-07180324፡ ክትውከሱ ትኽእሉ።
ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ጨንፈር ምም/ፋይናንስን
ቁ.ጎደና ሕዳይ 178-1
ደንበ ሰምበል ብሎክ "A" 4ደርቢ.


## ምስጋና



ብዕረፍቲ ብልቢ. እኑፍቅሮ ኣቦና መልኣከ ሰላም ቀሺ. ተኽለሃይማኖት ቀሺ. ገብረማርያም ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ሉቃስ ካህናት ደብረ ሰላም ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣስመራን ደብረ ቁስቃም ማርያም ወከደባን ፈተውትን፡ ክሳብ ወከደባ ብምኻድ ሓመድ ኣዳም ዘላበስኩምናን ገዛ ብምምልላስን ቴሌፎን ብምድዋል ካብ ውሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዮጸና ንሕብር።

ደቆም ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብሞት ኣዚያ ዘፍቅሮ ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ገብረወልዲ ስብሃቱ (ጆት) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማሙ ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘይተፈለኹምና፡ ምስ ዓረፈ. እውን ካብ ጀርመን ነበርቲ ካሰል ሬሳ ኣብ ምፍናውን ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ሬሳ ምቕባልን ክሳብ መቓብር ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብቴሌፎን ካብ ውሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጽጋይ እስቲፋኖስ ምስ ምሉኣት ደቃን ቤተሰብን

## ምስጋና



ብዕረፍቲ በዓልቤተይ ኣቶ ግርማይ መኮንን ተቐማጢ. ሃገረ ኣመሪካ ኣትላንታ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ እዋን ሕማሙ ልዑል ሓልዮት ዝገበርኩምሉ ITALIAN COMM. GERIATRIC CENETER ን ኣብ መቓብር 4ተ ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

በዓልቲ-ቤቱ ኢለን ኣብርሃ
ደቁ እስክንድር ግርማይ
ሰራክ ግርማይ
ማርታ ግርማይ

ኣነ ኣመልካቲት ወ/ሮ ለተንኪኤል ስእለ መርሃጽዮን፡ ብስም ወ/ሮ ሰባሕ ማሕሙድ መሓመድኑር +1፡ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ሙኒክ 1A175፡ ቁ/ገዛ 6፡ፓርሰል C ቁ/መለለዪ ንብረት 1BRASM001557/2 ስፍሓት መሬት 285 ት/ሜ ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ ብዕለት 10/1/2024 ካብ ወ/ሮ ሰባሕ ማሕሙድ መሓመድኑር +1 ዝዓደግክዎ ኮይኑ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ ለተንኪኤል ስእለ መርሃጽዮን

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኣብ ስልጠና ዝጸንሓ ኤርትራውያን ኣትሌታት ናብ ሃገረን ተመሊሰን



ከም ኣካል ናይቲ ዓቕሚ ተኻእቲ ኣትሌታት ደቀንስትዮ ንምዕባይ ዝተፈድ ዘሎ ስራሓት፡ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ምስ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስን ኣህጉራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክን ብምትሕብባር ንዝለዓለ ናይ ኣትሌቲክስ ስልጠና ናብ ኬንያ ልኢኹወን ዝጸንሐ ሸዱሽተ ትስፉዋት ደቀንስትዮ ኣትሌታት ናይ 45 መዓልታት ስልጠናአን ዛዚመን ብ22 ጥሪ ናብ ሃገረን ከም ዝተመልሳ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓቢሩ።

እተን ኣትሌታትን ኣለይተንን ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ወከልቲ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክን ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራን ምውቕ ኣቀባብላ ከም ዝገበሩለን ተፈሊጡ ኣሎ። እተን ኣብ ከተማ ኤልዶረት (ኬንያ) ኣብ ዝርከብ ማእከል ማሰልጠኒ ልዑል ብቕዓት ኣትሌቲክስ፡ ን45 መዓልታት ምዕቡል ናይ ስልጠና መደባት ከምኡ'ውን ውድድራት ክካየዳ ዝጸንሓ ኤርትራውያን ኣትሌታት፡ ንዝተዋህበን መደባት ብልዑል ብቕዓትን ዲሲፕሊንን ከም ዝዛዘማኦ ኣሰልጣኒት ናይተን ኣትሌታት ኮይና ናብቲ ቦታ ዝተጓዕዘት ኣሰልጣኒት ሸዊት ተስፋጋብርኤል ሓቢራ። ትስፉዋት መንእሰያት ኣትሌታት ፍዮሪ ገብረሂወት፡ ሰሊት ሳምሶን፡ ማርያ ዓሊ፡ ኣርያም ሰሳይ፡ ኣልማዝ ክፍሎምን ዲያና ሓደሸን ብዘይካ'ቲ ዝተኻታተልኦ ልዑል ናይ ስልጠና መደባት፡ ኣብቲ ብኣትሌቲክስ ኬንያ ዝተወደበ ዓመታዊ ውድድር ጉያ መሮር ምስታፈን እውን ዝገለጸት ኣሰልጣኒት ሸዊት፡ እቲ ዝተፈጥረለን ናይ ስልጠና መደብ ነቲ ብደረጃ ሃገር ተወዳዳርነት ደቀንስትዮ ንምዕባይ ዝተፈድ ዕማም ሓጋዚ ተራ ከም ዝህልዎ ኣፍሊጣ። ኣብ መወዳእታ ኣትሌታት ኣብ ኬንያ ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜ ብቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ናይሮቢ ዝተገብረለን ምኽትታልን ምትብባዕን ምስጋናአን ኣቕሪበን።


## ዩናይትድ ኣጥቃዓይ ንምፍራም ትነጣጠፍ

ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣንቶኒ ማርሻል ን10 ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ምኳኑ ተገሊጹ። በዚ ከኣ ዩናይትድ ኣብዚ ንክዕጾ ሓደት መዓልታት ተሪፍዎ ዘሎ ናይ ወርሒ ጥሪ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ ኣጥቃዓይ ንምፍራም ትጓየይ ከም ዘላ እሙናት ምንጭታት ኦልድ ትራፎርድ ኣፍሊጦም። ማርሻል ኣብ ረቓቒቶኡ ድሕሪ ዝበሮ መብጣሕቲ'ዩ ን10 ሰሙናት ካብ ጸወታ ከም ዝርሕቕ ዝገለጸ ዘሎ። በዚ ከኣ እቲ ተጻዋታይ ድሕሪ ደጊም ማልያ ማንቸስተር ዩናይትድ ወደዩ ዝጻወተሉ ግዜ ከም ዘብቅዐ ይሕበር ኣሎ። ዝሓለፈ ሰሙን ማርሻል ቀመናኡ ንምምሕያሽ ንበይኑ ልምምድ ክገብር ከም ዝተኣዘዘ ኣይርሳዕን። ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት ብፍላይ ኣብ መስመር መጥቃዕቲ ድኺሙ ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጸ። ዩናይትድ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት ካብ ማርሻል፡ ራሽፎርድን ራስሙስ ሆይሉንድን ሸውዓተ ሹቶታት ጥራይ'ያ ረኺባ ዘላ። ሓለፍቲ ዕድጊ ዩናይትድ ነዚ ማስርመር ንምትዕርራይ ኣብዚ ወርሒ ምስ ከም ከሪም በንዘማን ኤሪክ ማክሰም ቹፖ ሞቲንግ ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ክትዘራረብ ከም ዝጀመረት ይፍለጥ። ፈረንሳዊ ከሪም በንዘማ ኣብዚ እዋን ምስ ስዑዳዊት ጋንታኡ ጸቡቕ ከምዘይለ'የም ቀረብቱ ዝዝረብ። ስዑዳዊት ክለብ ኣል ኢቲሓድ ንልዕሊ 10 መዓልታት ደሃይ እዚ ዕውት ባሎን ዲ ኦር ዝኾነ ተጻዋታይ ክትረክብ ከም ዘይከኣለት'የም ምሲታ ጋንታ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዝገልጹ። ወዲ 36 ዓመት በንዘማ እዛ ስዑዳዊት ጋንታኡ ኣብ ዱባይ ኣብ ትገብሮ ዘላ ዑደት ከይሳተፍ ብኣሰልጣኒኣ ማርሰሎ ጋላርዶ ከም ዝተኸልከለ፡ 7 ለካቲት ኣብ ዝጅምር ሊግ ስዑዲ ዓረብ ድማ ክምለሰን ዘይክምለሰን ኣይተረጋገጸን ዘሎ። ዋላ'ኳ ገለ እሙናት ምንጭታት፡ እዚ ኣብ ደሴታት ሞውሪሸስ ናይ ምዝንጋዕ ግዜ ከሕልፍ ዝጸንሐ ተጻዋታይ ንግዜኡ ካብታ ጋንታ ከዕርፍ ፍቓድ ከም ዝሓተተ እንተሓበሩ፡ ርክብ በንዘማን ጋንታኡን ግን ከም ዘበቀዐ'ዩ ዝገለጹ። ሓደ ካብ ቀረባ ቤተ ሰብ በንዘማ ንሊ ኢኪፕ ዝተባህለት ፈረንሳዊት ጋዜጣ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ተጻዋታይ ምስ ጋንትኡ ልምምድ ካብ ምግባር ከም ዝሓንገደ ኣፍሊጡ። ስለዚ ዩናይትድ ነዚ ሃንፍ ተጠቒማ ንበንዘማ ናብ ኦልድ ትራፎርድ ከተምጽኦ ከም ትኽእል ይግመት። ካልኣይ ዩናይትድ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ ዘላ ተጻዋታይ፡ ናይ ባየር መዩኒክ ቹፖ ሞቲንግ እዩ። እዚ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ስቶክ፡ ምስ ምምጻእ ሃሪ ኬይን ኣብ መዩኒክ ቦታ'ዩ ስኢኑ ዘሎ።






## ኣልጀሪያ ተገሊፋ





ሃገራዊት ጋንታ ኣልጀሪያ ካብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2023 ብኣግኡ ምግላፋ መዛረቢ ማዕከናት ዜና ስፖርት ኮይና። እዛ ሃገራዊት ጋንታ ብሰሉስ ምሸት ቤታ ትሑት ግምት ዝተዋህባ ሃገራዊት ጋንታ ሞውሪታንያ 1-ብ0 ድሕሪ ምስዓራ'ያ ካብዚ ናብ ዝቕጽል ግጥም ኣውዲቓካ ምሕላፍ ካብ ምኢታው ተዓንቂጻ ዘላ። ናይ ማእከል ተኸላኻላይ ሃገራዊት ጋንታ ማውሪታንያ ያሊ ደላሂ ቅድሚ ዕረፍቲ ኣብ መበል 37 ደቒቕ ብዘመዝገባ ሹቶ'ያ እዛ ክልተ ግዜ ዘውዲ ሻምፕዮን ዋንጫ ኣፍሪቃ ዘልዓለት ኣልጀሪያ ካብዚ ውድድር ትግለፍ ዘላ። እዚ ማለት ከኣ ኣብ 2019 ዋንጫ ኣፍሪቃ ዘልዓለት ሃገራዊት ጋንታ ኣልጀሪያ ኣብ ክልተ ተኸታተልቲ ውድድራት ካብ ምድባ ምሕላፍ ተሸጊራ ማለት እዩ። ሃገራዊት ጋንታ ኣልጀሪያ ካብ ራብዓይ ምድብ ኣብ ድሕሪት ተሰሪዓ ውድድራ ክትውድእ ከላ፡ ኣገዳሲ ዓወት ዘመዝገበት ሃገራዊት ጋንታ ማውሪታኒያ ከኣ ዋላ'ኳ ሳልሳይ ተርታ እንተሓዘት ብ3 ነጥቢ ከም ብልጽቲ ጋንታ ኮይና ናብ ዝቕጽል ግጥም ኣውዲቓካ ምሕላፍ ክትሰግር ተኽእሎ ኣለዋ። ሃገራዊት ጋንታ ኣልጀሪያ ኣሰር እታ ቅድሚ ሎሚ ዘውዲ ሻምፕዮን ዝደፈአት ሃገራዊት ጋንታ ጋና ተኸቲላ'ያ ናብ ሃገራ ኣምሪሓ ዘላ። ሃገራዊት ጋንታ ኣልጀሪያ ተመዲባትላ ካብ ዘላ ካልኣይ ምድብ፡ ሃገራውያን ጋንታታት ኣንጎላን ቡርኪናፋሶን እየን ምሕላፈን ኣረጋጊጸን ዘለዋ። ሃገራዊት ጋንታ ኣልጀሪያ ኣቐዲማ ኣብ ዘካየደቶም ክልተ ናይ ምድብ ጸወታታት ማዕረ'ያ ተፈላልያ ነይራ። እዛ ጋንታ ብሰሉስ ምሸት ምስ ማውሪታንያ ማዕረ ተፈላልያ እንተትኸውን ሳልሰይቲ ኮይንካ ናይ ምሕላፍ ዕድል ምተጻበየት ነይራ። ተጻወትቲ ናይዛ ኣብ መጻረዪ እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ሕልፊ ዝኾኑት ጋንታ ዝለዓለ ነጥቢ ዘመዝገበት ኣልጀሪያ ድሕሪ'ዚ ጸወታ እናበኸዩ ካብ ሜዳ ክወጽኡ እዮም ተራእዮም። ደገፍታ ከኣ፡ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ዋንጫ ዝወሰደት ጋንታኦም ሎሚ ሓንቲ ጸወታ ከይተዓወተት ምብራራ ምቕባሉ ስኢኖሞ ኣለዉ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተመሳሳሊ ዕጫ ኣልጀሪያ ዘጋጠማ ሃገራዊት ጋንታ ጋና ንኣሰልጣኒኣ ክሪስ ሁፍቶን ካብ መዝነቱ ከም ዘባረረቶ ተፈሊጡ ኣሎ። ሃገራዊት ጋንታ ጋና ኣብ ምድባ ኣብ ዘካየደቶም ሰለስተ ጸወታታት ብኬፕ ቨርደ 2-ብ2 ክትረታዕ ከላ፡ ምስ ግብጽን ሞዛምቢክን ከኣ ማዕረ'ያ ተፈላልያ። ክሪስ ሁፍቶን ኣብ ወርሒ ለካቲት ናይ ዝሓለፈ ዓመት'ዩ ከም ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ጋና ኮይኑ ክሰርሕ ብፌደረሽን ኩዑሶ እግሪ እታ ሃገር ተመዚዙ። እዚ ናይ ቅድም ኣላዪ እንግሊዛውያን ጋንታታት ኒውካስልን ብራይተንን ዝነበረ ኣሰልጣኒ፡ ካብ 2022 ኣትሒዙ'ዩ ከም ኣማኻሪ ቴክኒክ ሃገራዊት ጋንታ ጋና ኮይኑ ክሰርሕ ጸኒሑ። ሃገራዊት ጋንታ ጋና ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ካብ ምድባ ድሕሪት ኮይና ውድድራ ድሕሪ ምዝዛማ ግን ንኦቶ ኣዶ ተኪኡ ሓላፍነት እታ ጋንታ ክወስድ ክኢሉ። ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ጋና ኣብ 2021 እውን ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ካብ ምድባ'ያ ተገሊፋ ነይራ። ወዲ 65 ዓመት ክሪስ ሆፍቶን ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ናይ ምድብ ጸወታ ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ሞዛምቢክ ናይ 2-ብ0 መሪሕነት ምስ ሓዘ እታ ጋንታ ናብ ዝቕጽል ግጥም ክትሓልፍ ከም ትኽእል'ዩ ተገሚቱ ነይሩ። ይኹን'ምበር ኣብ ተወሳኺ ሰዓት ናይ ቅድሚ ዕረፍቲ ክልተ ሹቶታት ከምዝተቖጸራ ስለ ዝኸኣለ ነጥቢ ክትማቐል'ያ ተገዲዳ። ሃገራዊት ጋንታ ጋና ኣብ መጻረዪ ዋንጫ ዓለም 2026 እውን ከምቲ ዝድለ ውጽኢታዊት ኣይኮነትን ዘላ። ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ክሪስ ሁፍቶን ኮይና ኣብ ተወሳኺ ሰዓት ብዘመዝገበታ ሹቶ ኣብ ልዕሊ ሃገራዊት ጋንታ ማዳጋስካር ክትዕወት ከላ፡ ብሃገራዊት ጋንታ ኮሞሮስ ከኣ 1-ብ0 እያ ተረቲዓ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

• ማንቸስተር ዩናይትድ ንስኮት ማክቲሚናይ ናይ ነዊሕ ዓመት ውዕል ክትቅርበሉ ትዳሎ ከም ዘላ ተገሊጹ። እቲ ተጻዋታይ ካብ ኦልድ ትራፎርድ ክወጽእ ምኳኑ'ዩ ብሰፊሑ ክንገረሉ ጸኒሑ። ዌስትሃም ንማክቲሞናይ ክትወስድ ሳዕልን ታሕትን ክትብል ከም ዝጸንሐት ዝፍለጥ ኮይኑ ዝመጽእ ክራማት ናብ መሳርዓ ክትጸንበሮ ልዑል ተስፉ ገይራ'ያ ጸኒሓ። ይኹን'ምበር ሰር ጂም ራትክሊፍ ኣብ ብሪጣንያውያን ተጻወትቲ ወፍሪ ክገብር ብምውሳኑ ማክቲሞናይ ምስ ዩናይትድ ክጸንሕ ምኳኑ ይውረ ኣሎ።

• ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ጋሪ ነቪል፡ እንግሊዛዊ ካልቪን ፊሊፕስ ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ዌስትሃም ምኻዱ ቅኑዕ ስጉምቲ ምኳኑ ተዛሪቡ። ነቪል እዚ መስርሕ ምስግጋር ነቲ ተጻዋታይ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ናይ ምስታፍ ዕድል ክኸፍተሉ ከም ዝኽእል'ዩ ኣብሪሁ ዘሎ። ዌስትሃም ነዚ ወዲ 28 ዓመት ተጻዋታይ ክሳብ ምውዳእ ናይዚ ዓመተ ስፖርት ክትጥቀመሉ'ያ ምስ ሲቲ ተሰማሚዓ ዘላ። እታ ጋንታ፡ ንካልቪን ፊሊፕስ እንተደኣ ተሰማሚዓ ብቐዋሚ ክተፈርሞ'ውን ተኽእሎ ኣለዋ።

• ኒውካስል ኤራን ትሪፐር ንምፍራም ካብ ባየር መዩኒክ ንዝመጽኣ ዘሎ ጻውዒት ጸማም እዝኒ ሂባቶ። መዩኒክ ነዚ ተጻዋታይ ንምውናን 12.8 ሚልዮን ፓውንድ ሒዛ'ያ ንሳልሳይ ግዜኣ ማዕጾ ኒውካስል ኳሕኲሓ። ኒውካስል ነዚ ተኸላኻሊያ ኣብዚ ናይ ወርሒ ጥሪ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኤውሮጳ ከም ዘይትሰዶ'ያ ኣፍሊጣ ዘላ።

• ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ መይሰን ግሪንወድ፡ ናብ ባርሰሎና ዝጸንበረሉ ኩነታት ክፈጥሩ ንኣማኸርቱ ተማሕጺኑዎም። ብመልክዕ ልቓሕ ምስ ጌታፈ ዝጻወት ዘሎ ግሪንወድ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ኣብ ራዳር ባርሰሎና ኣትዩ ነይሩ'ዩ። ባርሳ ነዚ ተጻዋታይ ኣስታት 40 ሚልዮን ክትከፍለሉ ከም ትኽእል ይንገር።

• ወዲ 18 ዓመት ኣኽፋሊ ማንቸስተር ሲቲ ኣልፊ ሃሪሰን ምስ ኒውካስል ክፍርም ተቓሪቡ ከም ዘሎ ተሓቢሩ። እዚ ተጻዋታይ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ትጽቢት ኣሎ።

• ኢጣልያዊት ጁቬንቱስ ንሆላንዳዊ ኣኽፋሊ ኣታላንታ ተውን ኮፕሜይነርስ ንምፍራም ትጓየይ ከም ዘላ ተሓቢሩ። ጁቬ ነዚ ወዲ 25 ዓመት ተጻዋታይ 40 ሚልዮን ዩሮ ሰሊዓትሉ ከም ዘላ እዮም ምስኣ ቱሩናዊት ክለብ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዝገልጹ። እቲ ተጻዋታይ ምስ ኣታላንታ ክሳብ 2027 ዝጸንሕ ውዕል'ዩ ዘለዎ። ንሱ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት ኣብ 26 ጸወታታት ሸውዓተ ሹቶታት ከመዝግብ ከሎ ኣርባዕተ ከኣ ሹቶ ዝኾና ኩዕሶ ከም ዝሰርሐ ይፍለጥ።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኤውሮጳ - መልከፍቲ ሕማም ንፍዮ ብ45 ዕጽፊ ወሲኹ

ኣብ ኤውሮጳ፡ መልከፍቲ ሕማም ንፍዮ ብ45 ዕጽፊ ድሕሪ ምውሳኹ፡ እቲ ሕማም ኣብታ ኣህጉር ኣብ ኣገዳሲ ዘሻቕል ደረጃ በጺሑ ምህላዉ ሰብ‐መዚ ጥዕና እታ ኣህጉር ሓቢሮም።

እቶም ሰብ‐መዚ ነዚ ዝሕብሩ ዘለዉ፡ መልከፍቲ ሕማም ንፍዮ፡ ኣብ 2023 ካብ ግምት ወጻኢ ብዝኾነ ናህሪ ድሕሪ ምውሳኹ'ዩ።

ኣብ 2022፡ 941 ሰባት ጥራሕ ቡቲ ሕማም ተለኺፎም ምንባሮም ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ኣብ 2023 ግን እቲ ቁጽሪ ናብ 42,200 ክብ ከምዝበለ ሓቢሮም።

እዚ ኹኡ ግቡእ ክትትል እንተዘይተገይሩሉ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት እቲ ኣሃዝ ብዙዓጸፊ ክውሰኽ ከምዝኽእል እዮም እቶም ሰብ‐መዚ ዘጠንቀቑ ዘለዉ።

ኣብታ ኣህጉር፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ጥቅምቲ 2023 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ልዕሊ 20 ሽሕ ቆልዑ ቡቲ ሕማም ከምእተለኽፉ'ዩ ዝሕበር።

ሰብ‐መዚ ጥዕና ብሪጣንያ ኣብ ዘዘርግሕዎ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ክታበት ሕማም ንፍዮ፡ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል እታ ሃገር ተራእዩ ዘሎ ብዝሒ መልከፍቲ ናብ ካልኦት ከተማታት ከይልሕም ስግኣት ከምዘሎ ኣፍሊጦም።

ኣብ ብሪጣንያ፡ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሜኦም ልዕሊ 3.4 ሚልዮን ቆልዑ ቡቲ ተላባዒ ሕማም ከይጥቅዑ ኣብ ሓደጋ ከምዝርከቡ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና ብሪጣንያ ኣመልኪቱ።

ኣብ 2020 ብደረጃ ዓለም ለቢዳ ኮሮና-ቫይረስ ድሕሪ ምኽሳቱ፡ ኣብ ኤውሮጳ ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምክልኻል ዝወሃብ ዝነበረ ክታበታት ብምቁራጹ፡ ለበዳ ንፍዮ ኣብታ ኣህጉር ብናህሪ ክውሰኽ ከምእተራእየ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ ብሪጣንያ፡ ክታበት ሕማም ንፍዮ ካብ 1 ክሳብ 3 ዓመት ንዝዕድሜኦም ቆልዑ ኣብ ክልተ እብረ ክወሃብ እኳ ዝምከር እንተኾነ፡ ተመሃሮ መባእታ ደረጃ ትምህርቶም ክጅምሩ እንከለዉ ግን፡ 85 ሚእታዊት ጥራሕ ምሉእ እቲ ክታበት ወሲዶም ከምዝጸንሑ እዩ እቲ ኣገልግሎት ጥዕና ዝገልጽ።

ኣብ ኤውሮጳ፡ ቡቲ ሕማም ዝተለኽፉ ኣስታት 21 ሽሕ ኣብ ሕክምና ከምእተዓቑቡ ዝሓብሩ ጸብጻባት እታ ኣህጉር፡ 5 ድማ ከም ዝሞቱ ይጠቕሱ።



ሕማም ንፍዮ ንምቁጽጻር፡ ህጻናት ምሉእ ክታበት ክወስዱ እቲ እንኮ ኣማራጺ ምዃኑ'ዩ'ም ሰብ‐መዚ ጥዕና ዝመኽሩ።

## ሰሜን ኮርያ፡ ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይል ኣካዪዳ



ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ንኻልኣይ ግዜኣ ክልተ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ንፈተነ ናብ ማያት ሓውሲ ደሴት ኮርያ ከምዝወንጨፈት፡ ደቡብ ኮርያ ሓቢራ።

ሰሜን ኮርያ፡ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ደቡብኮርያ ኣብ ምብራቓዊ ጥምጥም ዞባ ጋንጆዋን ኣብ ልምምድ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን'ያ ኑቲ ተመራሒ ሚሳይል ወንጪፋቶ - ብመሰረት መግለጺ ደቡብ ኮርያ።

እቲ ፈተነ፡ መቐጸልታ ናይቲ ፕዮንግያንግ ዝተራቐቐ ሚሳይላት ንምምዕባል እትሰርሓሉ ዘላ መደብ ምዃኑ'ዩ'ም ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ።

ኣመሪካ ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ምትእትታው፡ ዞባዊ ቅልውላው ክፍስዕብ ስግኣት ከምዘሎ ድማ፡ እቶም ወገናት ወሲኾም የረድኡ።

ሰሜን ኮርያ፡ ኣመሪካ ኑቲ ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ እትገብሮ ዘላ ምትእትታው ምስዘይተቋርጽ፡ ኑቲ ኣብ 2006፡ 2009ን 2017ን ዘካየደቶ ፈተነ ባለስቲካዊ ሚሳይል ብዘሓየለ መልክዑ ክትቅጽሎ ከም እትኽእል እያ ብተደጋጋሚ ከተጠንቅቕ ጸኒሓ።

## ግብጺን ሩስያን፡ ኣብ መስርሕ መመንጨዊ ኑክሌሳዊ ጸዓት ተዘራሪበን

ግብጺን ሩሲያን፡ ኑክሌሳዊ ጸዓት ዘመንጪ መደበር ንምህናጽ ኣብ 2015 ዝኸተማኦ ውዕል ንምትግባር ዝርርብ ከምዝጀመራ ተሓቢሩ።



ኑቲ ናይ ኣስታት 30 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ውዕል ንምትግባር፡ ፕረዚደንት ዓብደልፈታሕ ኣልሲሲን ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲንን ብቐጥታ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ ከም እተዘራረቡ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ፕረዚደንት ኣልሲሲ ኣብቲ ርክብ፡ ትግባረ ናይቲ ውዕል፡ ኑቲ ኣስታት 105 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ዘለዋ ግብጺ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ጠለብ ጸዓት ኣብ ምምላእ - ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ኣስሚሩሉ።

እቲ መደብ ብዘይካ እዚ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዝዘሎ ኩሉ-መዳያዊ ዝምድና ኣብ ምድንፋዕ ኣገዳሲ ተራ ክህልዎ ምዃኑ ይእመን።

## ካናዳ - ብሓደጋ ነፋሪት ዛጊት ቁጽሮም ዘይተነጸረ ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ካናዳ፡ ሓንቲ ሰራሕተኛታት ዝጾዓት 'CC-130J' ዝዓይነታ ንእሽተይ ነፋሪት ድሕሪ ምውዳቓ፡ ኣብ ውሽጣ ተሳፊሮም ካብ ዝነበሩ ቁጽሮም ብዝጸር ዘይተፈልጡ ሰባት ከምዝሞቱ ተቓሊሑ።



እዛ ሓደጋ ዘጋጠማ ነፋሪት፡ መንነቶም ናይ'ቶም ኣብቲ ከባቢ ኣብ ትካል ዕደና ሉል ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ከምዝነበረት እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ እንታይ ምዃኑ ዛጊት ከምዘይተፈልጠ ዝሓበሩ ሰብ‐መዚ እቲ ከባቢ፡ መርመራታት ክካየድ ጀሚሩ ምህላዉ ኣፍሊጦም።

እታ ክሳብ 19 ተሳፈርቲ ክትጽዕን እትኽእል ንእሽቶ ነፋሪት፡ ኣብ ከተማ ፎርትስሚዝ - ካናዳ ምስ በጽሐት፡ ሃንደበት ወዲቓ ከም እተሓምሸሸት እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት ካናዳ ደሃይ ናይ'ቶም ኣብታ ነፋሪት ዝነበሩ ሰባት ንምፍላጥ፡ ኣብቲ ከባቢ ዳህሳስ ጀሚሮም ምህላዎም ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ዒራቕ ብኢራን ንዝድገፉ ዕጡቓት ደብዲባ

ኣመሪካ፡ ኣብ ዒራቕ ዝርከቡ ብኢራን ዝድገፉ ዕጡቓት ዝጥቀምሉ ሰለስተ መሳለጥያታት ከምዝደብደበት፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።


ነዚ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሕዝቦላህን ብኢራን ዝድገፉ ካልኦት ሚሊሻን ዝተኻየደ ደብዳብ 'ተመጣጣኒ መጥቃዕቲ እዩ' ዝበለ ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ሎይድ ኣውስቲን፡ እቲ ደብዳብ መልሰ-ግብሪ ናይቲ ኣብ ዒራቕን ሶርያን ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካን መሻርኽታን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኢራን ንወተሃደራት ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ኣብ ዒራቕ ከምዘካየደት እያ ኣመሪካ ክትከስስ ጸኒሓ።

ኣብቲ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ፡ ብዙሓት ኣመሪካውያን ወተሃደራት ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም ድማ፡ ሰብ-መዚ ፔንታጎን የመልክቱ።

ኣመሪካ፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ እዚ ኣብ ከተማ ባቕዳድ - ዒራቕ ብዝፈጸመቶ ደብዳብ፡ ሓደ ላዕለዋይ ኣዛዚ ናይ'ቶም ብኢራን ዝድገፉ ዕጡቓት ድሕሪ ምቕታላ፡ ከም መልሰ-ግብሪ ናይቲ ቅትለት ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ዒራቕ ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካ መጥቃዕቲ ከምእተፈጸመ ይሕበር።

ኣመሪካን ብሪጣንያን፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንምዕራባዊ ክፋል የመን ተቖጻጺሮም ዝርከቡ ብኢራን ዝድገፉ ዕጡቓት ሑቲ እውን፡ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ የካይዳ ከምዘለዋ ይፍለጥ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ በራኺ | 25/01/2024 | ከባቢ ፊያታ ሌሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services